www.abyssinialaw.com


# ፌዴራል ነጋሪት ጋዜጣ

# ፌዴራላዊ ዴሞክራስያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ

# FEDERAL NEGARIT GAZETA

# OF THE FEDERAL DEMOCRATIC REPUBLIC OF ETHIPOIA

ቀዳማይ ዓመት ቁፅሪ 1

ኣዲስ ኣበባ - 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም

1st year No. 1

ADDIS ABABA - 21st August 1995


ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ ዝተሓተመ

www.abyssinialaw.com

# ኣዋጅ ቁፅሪ 1/1987

# ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራስያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ዕላዊ ንምግባር ዝወፀ ኣዋጅ፡፡

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ መሪፆም ብዝላኣኽዎም ተወከልቶም ኣቢሎም 29 ሕዳር 1987 ዓ.ም ንሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ ዘፅደቑ ብምኟኖም እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ፡፡

## 1. ፅሟቕ ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ «ኣዋጅ ቁፅሪ 1/1987 ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ» ብዝብል ክጥቀስ ይካኣል፡፡

## 2.ሕገ መንግስቲ ኣብ ስራሕ ብዛዕባ ምውዓሉ

ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ ካብ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም ኣትሒዙ ብዕሊ ኣብ ስራሕ ውዒሉ ኣሎ፡፡

www.abyssinialaw.com

3. እዚ ኣዋጅ ቀያዲ ዝኾነሉ ዕለት

እዚ ኣዋጅ ካብ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም ኣትሒዙ ቀያዲ'ዩ::

ኣዲስ ኣበባ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም

ዶ/ር ነጋሶ ጊዳዳ

ፕሬዚዳንት ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

www.abyssinialaw.com

## መእተዊ

ንሕና ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላምን ውሕስነት ዘለዎ ዴሞክራሲን ክሰፍን፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ዕብየትና ክሳለጥ ንመሰል ዓርሰ ውሳነና ተጠቂምና ብናፃ ድልየትና ኣብ ልዕልነት ሕግን ዓርሰ ፍቓድናን ዝተመስረተ ሓደ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ብሓባር ንምህናፅ ቆሪፅና ብምልዓል፤

ነዚ ዕላማ ኣብ ሽቶኡ ንምብፃሕ መሰረታዊ መሰላት ውልቀሰብን ብሄር ብሄረሰባትን ክኽበሩ፣ ማዕርነት ፆታ ክረጋገፅ፣ ባህልታትን ሃይማኖታትን ብዘይ ኣድልዎ ክስጉሙ ናይ ምግባር ኣገዳስነት ፅኑዕ እምነትና ብምዃኑ፤

ሃገርና ኢትዮጵያ ነናይ ርእስና ዘሕብን ባህሊ ዘለና፣ ነናይ ርእስና መልክዓምድራዊ ኣሰፋፍራ ዝነበረናን ዘለናን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብዝተፈላለዩ ዓውድታትን ናይ ርክብ ሓረጋትን

www.abyssinialaw.com

ተኣሳሲርና ሓቢርና ዝነበርናላን እንነብረልናን ሃገር ብምዃና፤ ዘጥረናዮ ሓበራዊ ረብሓን ኣረኣእያን ኣለና ዝብል እምነት’ውን ስለዘለና፤

መፃኢ ናይ ሓባር ዕድልና ነቲ ካብ ታሪኽና ዝወረስናዮ ሓርፋፍ ርክብ ኣብ ምእራምን ሓበራዊ ረብሓና ኣብ ምምዕባልን ክምስረት ከምዘለዎ ብምቕባል፤

ረብሓና፣ መሰልናን ናፅነትናን ብሓባርን ብምድግጋፍን ንምምዕባል ኣገዳስነት ህንፀት ሓደ ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ብምእማን፤

ብቓልስናን ብዝኸፈልናዮ መስዋእትን ዝተረኸበ ዴሞክራሲን ሰላምን ቀፃልነቱ ንምርግጋፅ፤

እዚ ሕገመንግስቲ ኣብ ላዕሊ ንዝገለፅናዮም ዕላማታትን እምነታትን መፈፀሚ ምእንታን ክኾነና በቶም ክውክሉና መሪፅና ዝሰደድናዮም ተወከልትና ኣቢልና ብጉባኤ ሕገ መንግስቲ ሎሚ 29 ሕዳር 1987 ዓ.ም ኣፅዲቕናዮ ኣለና::

www.abyssinialaw.com

# ምዕራፍ ሓደ

# ሓፈሻዊ ሕጋገታት

## ዓንቀፅ 1

## ስያመ መንግስቲ ኢትዮጵያ

እዚ ሕገ መንግስቲ ንኣታሃናንፃ ፌዴራላውን ዴሞክራሲያውን መንግስቲ ይሕግግ፡፡ በዚ መሰረት መንግስቲ ኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ብዝብል ስያመ ይፅዋዕ፡፡

## ዓንቀፅ 2

## ዶብ ግዝኣት ኢትዮጵያ

ዶብ ግዝኣት ኢትዮጵያ ንዶብ ኣባላት እቲ ፌዴራል ዘጠቓልል ኮይኑ እቲ ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ስምምዕ ዝተወሰነ'ዩ፡፡

## ዓንቀፅ 3

## ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ

1. ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ ኣብ ላዕሊ ቆፅለዋይ ኣብ ማእኸል ብጫ፣ ኣብ ታሕቲ ቀይሕ ኮይኑ ኣብ

www.abyssinialaw.com

ማእኸሉ ሃገራዊ ኣርማ ይህልዎ፡፡ ስለስቲኦም ሕብርታት ብማዕረ ተገዲሞም ይቕመጡ፡፡

2. ኣብ'ቲ ሰንደቕ ዕላማ ዝቕመጥ ሃገራዊ ኣርማ ብሄራት፣ ብሄረሰባት፣ ህዝብታትን ሃይማኖታትን ኢትዮጵያ ብሓባርን ብማዕርነትን ንምንባር ዘለዎም ተስፋ ዘንፀባርቕ ይኸውን፡፡

3. ኣባላት እቲ ፌዴራል ነናይ ባዕሎም ሰንደቕ ዕላማን ኣርማን ክህልዎም ይኽእል፡፡ ነቲ ዝርዝር ኣብ ነናይ ባዕሎም ቤት ምኽሪ ይውስኑ፡፡

## ዓንቀፅ 4

## ሃገራዊ መዝሙር ኢትዮጵያ

ሃገራዊ መዝሙር ኢትዮጵያ ንዕላማታት እዚ ሕገ መንግስትን ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምንባር ዘለዎም እምነት ከምኡ'ውን ናይ መፃኢ ሓበራዊ ዕድሎም ዘንፀባርቕ ኮይኑ ክቕረፅ ብሕጊ ይውሰን፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 5

## ብዛዕባ ቋንቋ

1. ኩሎም ቋንቋታት ኢትዮጵያ ብማዕረ መንግስታዊ ኣፍልጦ ይህልዎም።

2. ኣምሓርኛ፣ ቋንቋ ስራሕ መንግስቲ ፌዴራል ይኸውን።

3. ኣባላት እቲ ፌዴሬሽን ነናይ ባዕሎም ቋንቋ ስራሕ ብሕጊ ይውስኑ።

## ዓንቀፅ 6

## ብዛዕባ ዜጋታት

1. ወለዱ/ወለዳ ወይ ድማ ካብ ወለዱ/ወለዳ ሓዲኦም ኢትዮጵያዊ/ኢትዮጵያዊት ዝኾነ/ዝኾነት ኢትዮጵያዊ ዜጋ እዩ/እያ።

2. ዜጋታት ወፃኢ ሃገር ዜግነት ኢትዮጵያ ክጐናፀፉ ይኽእሉ።

3. ዜግነት ብዝምልከት እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 7

## ናይ ፆታ ኣገላልፃ

ኣብዚ ሕገመንግስቲ ብተባዕታይ ፆታ ዝተሓገገ ንኣንስተይቲ ፆታ'ውን ዝሓውስ'ዩ፡፡

## ምዕራፍ ክልተ

## መሰረታዊ መትከላት እዚ ሕገመንግስቲ

## ዓንቀፅ 8

## ሉኣላውነት ህዝቢ

1. ብሄራት፣ ብሄረሰባት፣ ህዝብታት ኢትዮጵያ ሰብ ዋና ሉኣላዊ ስልጣን ኢትዮጵያ እዮም፡፡
2. እዚ ሕገ መንግስቲ መግለፂ ሉኣላውነቶም እዩ፡፡
3. ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስቲ ብዝመርፅዎም ተወከልትን ብቐጥታ ብዝገብርዎ ዴሞክራሲያዊ ተሳትፎን ሉኣላውነቶም ይግለፅ፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 9

## ልዕልነት ሕገመንግስቲ

1. እዚ ሕገ መንግስቲ ናይ'ዛ ሃገር ላዕለዋይ ሕጊ'ዩ። ዝኾነ ሕጊ፣ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ከምኡ'ውን ውሳነ መንግስታዊ ኣካል ወይ በዓልስልጣን ምስ'ዚ ሕገመንግስቲ ዝፃባእ እንተኾይኑ ተፈፃምነት ኣይብሉን።
2. ዝኾነ ዜጋ፣ ኣካላት መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ካልኦት ማሕበራት ከምኡ'ውን ሰበስልጣን እዚ ሕገመንግስቲ ክኽበር ኣብ ምግባርን ነዚ ሕገ መንግስቲ ምእዙዛት ናይ ምዃንን ሓላፍነት ኣለዎም።
3. ኣብ'ዚ ሕገ መንግስቲ ተሓጊጉ ካብ ዘሎ ወፃኢ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ መንግስታዊ ስልጣን ምሓዝ ክልኩል'ዩ።
4. ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶም ዓለምለኸ ስምምዓት ኣካል ሕጊ እዛ ሃገር እዮም።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 10

## ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት

1. ሰብኣዊ መሰላትን ናፅነታትን ካብ ተፈጥሮ ዘርኢ ሰብ ዝፍልፍሉ ዘይጣሓሱን ዘይጋሃሱን እዮም::
2. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታትን ህዝብታትን ክኽበሩ እዮም::

## ዓንቀፅ 11

## ምፍልላይ መንግስትን ሃይማኖትን

1. መንግስትን ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ እዮም
2. መንግስታዊ ሃይማኖት ኣይህልውን
3. መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ኢዱ ኣየእትውን:: ሃይማኖት'ውን ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ኢዱ ኣየእትውን::

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 12

## ኣሰራርሓን ተሓታትነትን መንግስቲ

1. ኣሰራርሓ መንግስቲ ንህዝቢ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ክሳለጥ ኣለዎ፡፡
2. ዝኾነሓላፊን ብህዝቢ ዝተመረፀን ኣብ ዝተውሃቦ ሓላፊነት እንተጉድል ተሓታቲ ይኸውን፡፡
3. ህዝቢ ኣብ'ቲ ዝመረፆ ተወካሊ፣ እምነት ኣብ ዝሰኣነሉ ግዜ ካብ ቦትኡ ክልዕሎ ይኽእል፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን፡፡

## ምዕራፍ ሰለስተ

## መሰረታዊ መሰላትን ናፅነታትን

## ዓንቀፅ 13

## ተፈፃምነትን ኣተረጓጉማን

1. ኣብ ዝኾነ ደረጃ ዝርከቡ ኣውፃኢ ሕጊ፣ ኣፈፃሚ ሕጊን ኣካላት ዳይነትን መንግስቲ ፌዴራልን ክልልን ኣብ'ዚ ምዕራፍ ዝተኻተቱ ሕግታት

www.abyssinialaw.com

ከኸብሩን ክኸበሩ ናይ ምግባር ሓላፊነትን ግዴታን ኣለዎም።

2. ኣብ'ዚ ምዕራፍ ዝተዘርዘሩ መሰረታዊ ሕግታት፣ መሰላትን ናፅነታትን ኢትዮጵያ ምስ ዝተቐበለቶም ዓለምለኸ ሕግታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዓለምለኸ ኪዳን ሰብኣዊ መሰላትን ዓለምለኸ ሰነዳትን ተሳንዮም ይትርጎሙ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሰብኣዊ መሰላት

### ዓንቀፅ 14

### መሰል ህይወት፣ ድሕነት ኣካልን ናፅነትን

ዝኾነ ሰብ ሰብኣዊ ብምዃኑ ዘይድፈርን ዘይጋሃስን ብህይወት ናይ ምንባር፣ ናይ ኣካል ድሕነትን ናይ ናፅነትን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 15

## ናይ ህይወት መሰል

ዝኾነ ሰብ በህይወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ብዘይካ በቲ ብሕጊ ዝተነፀረ ከቢድ ቅፅዓት ገበን፣ ብኻልእ ህይወቱ ክስእን ኣይብሉን።

## ዓንቀፅ 16

## መሰል ድሕነት ኣካል

ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣካሉ ጉድኣት ከይበፅሖ ናይ ምሕላው መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 17

## መሰል ናፅነት

1. ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተነፀረ ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ናፅነቱ ኣይስእንን።
2. ዝኾነ ሰብ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተነፀረ ወፃኢ ክታሓዝ፣ ክሲ እንተይተመስረቶ ወይ እንተይተፈረዶ ክእሰር ኣይኽእልን።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 18

## ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዝተኸልከለ

## ብዛዕባ ምኽኑ

1. ዝኾነ ሰብ ጨካን፣ ዘይሰብኣውን ክብሩ ዘዋርድን ኣተሓሕዛ ወይ መቕፃዕቲ ከይበፅሖ ውሕስነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ::
2. ዝኾነ ሰብ ብባርነት ክነብር ወይ ብኣስገዳድ ከገልግል ኣይኽእልን:: ብዝኾነ ይኹን ዕላማ ብሰብ ናይ ምንጋድ ተግባር ክልኩል'ዩ::
3. ዝኾነ ሰብ ብሓይሊ ተገዲዱ ወይ ግዴትኡ ከማልእ ተባሂሉ ዝኾነ ስራሕ ክፍፅም ምግባር ክልኩል'ዩ::
4. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 «ብሓይሊ ተገዲዱ ወይ ግዴትኡ ከማልእ» ዝብል ሓረግ ነዞም ዝስዕቡ ኣይሓውስን::

ሀ/ ዝኾነ እሱር ኣብ ትሕቲ ማእሰርቲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ብሕጊ ክሰርሕ ዝተወሰኖ ወይ ብገደብ ክእሰር ኣብ ዝተሰደደሉ ግዜ ዝፍፅሞ ዝኾነ ዕዮ፣

ለ/ ዝኾነ ወታደራዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ሕሊንኡ ዝፈቕደሉ ሰብ ኣብ ክንድኡ ዝዋሃቦ ካልእ ኣገልግሎት፣

ሐ/ ንህይወት ወይ ድሕነት ማሕበረሰብ ዘስግእ ህፁፅ ኩነታት ወይ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን ዝዋሃብ ዝኾነ ኣገልግሎት፣

መ/ ብዝምልከቶ ህዝቢ ፍቓድ ኣብ ከባቢኡ ዝፍፀም ዝኾነ ቁጠባውን ማሕበራውን ናይ ልምዓት ስራሕ

### ዓንቀፅ 19

### መሰል ዝተትሓዙ ሰባት

1. ገበን ፈፂሞም እዮም ብዝብል ዝተትሓዙ ሰባት ብዛዕባ እቲ ዝተኸሰሱሉ ምስ ምኽንያቱ ብዝርዝር ሽዑ ብዝርድኦም ቋንቋ ክንገሮም መሰሎም'ዩ።

www.abyssinialaw.com

2. ዝተትሓዙ ሰባት ናይ ዘይምዝራብ መሰል ኣለዎም፤ እቲ ዝህብዎ ዝኾነ ቃል ኣብ ቤት ፍርዲ ከም መረዳእታ ኣንፃሮም ዝቐርብ ምኳኑ ብዝርድኦም ቋንቋ ሽዑ መዘኻኸሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡
3. ዝተትሓዙ ሰባት ኣብ ውሽጢ ኣርባዓን ሸሞንተን ሰዓት ቤት ፍርዲ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎም፡፡ እዚ ግዜ እቶም ሰባት ካብ ዝተትሓዙሉ ቦታ ናብ ቤት ፍርዲ ንምምፃእ ንዝወስዶ ሚዛናዊ ግዜ ኣይሓውስን፡፡ በቲ ዝተጠርጠሩሉ ገበን ንምእሳር ዘብቅዕ ምኽንያት ዘሎ ብዛዕባ ምኳኑ ሽዑ ተፈልዩ ክግለፀሎም መሰሎም'ዩ፡፡
4. እቲ ዝሓዞም መኮንን ፖሊስ ወይ ኣኽባሪ ሕጊ በቲ ዝተነፀረ ናይ ግዜ ገደብ ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕሪቡ ብዛዕባ ዝተትሓዘሉ ምኽንያት ከረድእ እንተዘይኽኢሉ እቲ ቤት ፍርዲ ንኣካሎም ናፃ

www.abyssinialaw.com

ናይ ምግባር መሰሎም ከኽብር ናይ ምሕታት ዘይጣሓስ መሰል ኣለዎም፡፡ ኮይኑ ግና ፍትሒ ከይጓደል እቲ ኩነታት ዝጠልቦ እንተኾይኑ እቲ ዝተትሓዘ ሰብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክፀንሕ ወይ ተወሳኺ ምርመራ ንምክያድ ተወሳኺ ግዜ እንትሕተት እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ብዝምጥን ደረጃ ክፈቅድ ይኽእል'ዩ፡፡ እቲ ቤት ፍርዲ ተወሳኺ ናይ ምርመራ ግዜ እንትውስን እቶም ዝምልከቶም ኣኽበርቲ ሕጊ ነቲ ምርመራ ኣፃርዮም እቲ ዝተትሓዘ ሰብ ክንዲ ዓቕሚ ዘፍቅዶ ብህፁፅ ናብ ቤት ፍርዲ ናይ ምቕራብ መሰሉ ብዘኽብር ኣገባብ ክፍፅምዎ ይግባእ፡፡

5. ዝተትሓዙ ሰባት ኣብ ባዕልቶም ደሓር ከም መረዳእታ ክቐርብ ዝኽእል ቃል እምነት ክህቡ ወይ ንዝኾነ መረዳእታ ክኣምኑ ኣይግደዱን፡፡ ኣገዲድካ ዝርከብ መረዳእታ ተቐባልነት ኣይብሉን፡፡

www.abyssinialaw.com

6. ዝተትሓዙ ሰባት ብዋሕስ ናይ ምፍታሕ መሰል ኣለዎም፡፡ ኮይኑ ግና ብሕጊ ብዝተነፀሩ ፍሉያት ኩነታት እቲ ቤት ፍርዲ ዋሓስ ንዘይምቕባል ወይ ብገደብ ምፍታሕ ሓዊሱ ኣኹል ናይ ዋሓስ መረጋገፂ ክቐርብ ምእዛዝ ይኽእል፡፡

## ዓንቀፅ 20

## መሰል ዝተኸሰሱ ሰባት

1. ዝተኸሰሱ ሰባት ክሲ ምስቐረቦም ሚዛናዊ ኣብ ዝኾነ ሓፂር ግዜ ኣብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ንህዝቢ ግልፂ ኣብ ዝኾነ መጋባእያ ቀሪቦም ክስምዑ መሰሎም'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ውልቀ ህይወት ሰብ ጉዳይ፣ ሞራል ህዝብን ድሕነት ሃገርን ንምሕላው ተባሂሉ እቲ መጕት ብዕፁው መጋባእያ ክረአ ይኽእል፡፡
2. እቲ ክሲ ብዝርዝር ክንገሮምን ብፅሑፍ ክዋሃቦምን መሰሎም እዩ፡፡

www.abyssinialaw.com

3. ኣብ ከይዲ ፍርዲ ኣብ ዝሃለዉሉ እዋን በቲ ዝተኸሰሱሉ ገበን ከም ጥፍኣተኛ ናይ ዘይምርኣይን ብምስክርነት ክቐርቡ ናይ ዘይምግዳድን መሰል ኣለዎም፡፡
4. ንዝቐረብዎም መረዳእታታት ናይ ምምልካት፣ ኣንፃሮም ንዝምስክሩ ናይ ምሕታት፣ ንዓርሶም ንምክልኻል ዘኽእሎም መረዳእታ ናይ ምቕራብ ወይ ክቐርብ ናይ ምግባር ከምኡ'ውን ናቶም ምስክራት ቀሪቦም ክምስክሩሎም ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም፡፡
5. ብዝመረፅዎ ጠበቓ ሕጊ ናይ ምውካል ወይ ጠበቓ ንምቑም ዓቕሚ ብምስኣኖም ፍትሒ ዝጓደለሉ ኩነታት እንተጋጥም ካብ መንግስቲ ጠበቓ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡
6. እቲ መጐት ኣብ ዝካየደሉ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተወሰኖም ትእዛዝ ወይ ፍርዲ

www.abyssinialaw.com

ስልጣን ንዘለዎ ሳዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግበኣኒ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎም፡፡

7. እቲ ከይዲ መጋባእያ ብዘይርድኦም ቋንቋ ኣብ ዝሳለጠሉ እዋን ብናይ መንግስቲ ወፃኢ ክትርጎመሎም ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 21

## ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ናይ ዘለዉን ብፍርዲ ናይ ዝተኣስሩን ሰባት መሰል

1. ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ዘለዉን ብፍርዲ ዝተኣሰሩን ሰባት ንሰብኣዊ ክብሮም ብዘኽብር ኣገባብ ክተሓዙ መሰሎም'ዩ፡፡
2. ምስ ኣሚኖም፣ ናይ ቀረባ ኣዝማዶም፣ ኣዕርኽቶም፣ ናይ ሃይማኖት ኣማኸርቶም፣ ሓካይሞምን ናይ ሕጊ ኣማኸርቶምን ናይ ምርኻብን ክርእይዎም ዕድል ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎም፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 22

## ሕጊ ገበን ንድሕሪት ተመሊሱ ዘይሰርሕ ብዛዕባ ምኻኑ

1. ዝኾነ ሰብ ክሲ ገበን እንትቐርቦ እቲ ዝተኸሰሰሉ ተግባር ኣብ ዝተፈፀመሉ እዋን ነቲ ተግባር ብምፍፃም ወይ ብዘይምፍፃም ዘኽስስ ገበን ምኻኑ ብሕጊ ክሳብ ዘይተነፀረ ክቐፃዕ ኣይኽእልን:: ከምኡ'ውን ነቲ ገበን ኣብ ዝፈፀመሉ እዋን ካብ ዝነበረ መጠን መቐፃዕቲ ዝኸበደ መቐፃዕቲ ኣብ ዝኾነ ሰብ ኣይፍፀምን::
2. ናይ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ተግባር ምስተፈፀመ ዝወፀ ሕጊ ነቲ ዝተቐፅዐ ሰብ ዝጠቅም እንተኾይኑ እቲ ድሕሪ ተግባር ዝወፀ ሕጊ ተፈፃምነት ይህልዎ::

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 23

## ብሓደ ገበን ድጋም መቕፃዕቲ

## ብዛዕባ ምኽልካሉ

ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ሕግን ስነስርዓትን ተኸሲሱ ብናይ መወዳእታ ውሳነ ጥፍኣተኛነቱ ብዝተረጋገፀሉ ወይ ብናፃ ብዝተሰደደሉ ገበን ካልኣይ ኣይኽሰስን ወይ ኣይቕፃዕን።

## ዓንቀፅ 24

## መሰል ክብርን ሰናይ ስምን

1. ዝኾነ ሰብ ሰብኣዊ ክብሩን ሰናይ ስሙን ከኽበር መሰሉ'ዩ።
2. ዝኾነ ሰብ ንናይ ባዕሉ ስብእና ምስ ናይ ካልኦት ዜጋታት መሰል ኣጠዓዒሙ ብናፃ ናይ ምዕባይ መሰል ኣለዎ።
3. ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ስፍራ ብሰብኣውነቱ ኣፍልጦ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 25

## መሰል ማዕርነት

ኩሉም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም፤ ኣብ መንጎኦም ዋላ ሓደ ኣፈላላይ ከይተገበረ ማዕረ ሓለዋ ሕጊ ይግበረሎም። በዚ መዳይ ብዘርኢ፣ ብብሄር፣ ብብሄረሰባት፣ ብሕብሪ፣ ብፆታ፣ ብቛንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ፣ ብማሕበራዊ መበቈል፣ ብሃብቲ፣ ብትውልዲ ወይ ብኻልእ ቅዋም ምኽንያት ኣፈላላይ ከይተገብረ ኩሉም ሰባት ማዕረን ጭቡጥን ውሕስነት ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 26

## መሰል ምኽባርን ሓለዋን ውልቀ ህይወት

1. ዝኾነ ሰብ ውልቀ ህይወቱ፣ ውልቀነቱ ከኽብር መሰሉ'ዩ። እዚ መሰል መንበሪ ገዝኡ፣ ሰብነቱን ንብረቱን ካብ ምብርባር ከምኡ'ውን ኣብ ናይ

www.abyssinialaw.com

ውልቀ ዋንነቱ ንዘሎ ንብረት ከይተሓዝ ውሕስነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡፡

2. ዝኾነ ሰብ ብውልቂ ዝፅሕፎምን ዝለኣኣኾምን፣ ብፖስታ ዝሰዶም ደብዳቤታት ከምኡ'ውን ብስልኪ ብመሳርሕታት ቴሌኮሙኒኬሽንን ኤለክትሮኒክስን ዘካይዶም ርክባት ኣይድፈሩን፡፡

3. ሰበስልጣን መንግስቲ ነዞም መሰላት ባዕሎም ከኽብርዎምን ክኽበሩ ናይ ምግባርን ግዴታ ኣለዎም፡፡ ኣስገዳዲ ኩነታት እንትፍጠሩን ሃገራዊ ድሕነት፣ ሰላም ህዝቢ፣ ገበንን ንምክልኻል፣ ሞራል ህዝብን ጥዕናን ንምሕላው ወይ ንመሰልን ናፅነትን ካልኦት ንምኽባር ተባሂሉ ኣብ ሕጊ ተመስሪቱ ዝግበር እንተዘይኮይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ እዞም መሰላት ገደብ ኣይግበርን፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 27

## ናፅነት ሃይማኖት፣ እምነትን ኣረኣእያን

1. ዝኾነ ሰብ ናይ ምሕሳብ፣ ናይ ሕሊናን ሃይማኖትን ናፅነት ኣለዎ፡፡ እዚ መሰል ዝኾነ ሰብ ንዝመረፆ ሃይማኖት ወይ እምነት ናይ ምሓዝ ወይ ምቕባል፣ ሃይማኖቱን እምነቱን ብውልቂ ወይ ምስ ካልኦት ብምኳን ብዕሊ ወይ ብውልቂ ናይ ምምላኽ፣ ምስዓብ፣ ምትግባር፣ ምስትምሃር ወይ ምግላፅ መሰል ይሓውስ፡፡
2. ኣብ ዓንቀፅ 90 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ተጠቒሱ ዘሎ ከምዘለዎ ኮይኑ ሰዓብቲ ሃይማኖት ምእንተ ምስፍሕፋሕን ምውዳብን ሃይማኖቶም ትካላት ትምህርትን ምምሕዳርን ሃይማኖት ክምስርቱ ይኽእሉ፡፡
3. ዝኾነ ሰብ ዝደለዮ እምነት ንምስዓብ ንዝተጕናፀፎ ናፅነት ብሓይሊ ወይ ብኻልእ

ኩነታት ብምግዳድ ምግዳብ ወይ ምኽልካል ኣይከኣልን::

4. ወለዲን ሕጋዊ ሞግዚታትን ብእምነቶም መሰረት ብትምህርቲ ሃይማኖቶምን ሰናይ ምግባርን ኣቢሎም ንደቆም ናይ ምህናፅ መሰል ኣለዎም::

5. መሰል ምግላፅ ሃይማኖትን እምነትን ክግደብ ዝኽእል ድሕነት ህዝቢ፣ ሰላም፣ ጥዕናን ትምህርትን ከምኡ'ውን ኩነታት ሞራል ህዝቢ፣ መሰረታዊ መሰላት ካልኦት ዜጋታትን መንግስቲ ካብ ሃይማኖት ናፃ ምኻኑ ንምርግጋፅ ብዝወፁ ሕግታትን ይኸውን::

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 28

## ኣብ ስብእና ብዛዕባ ዝፍፀሙ ገበናት

1. ኢትዮጵያ ብዘፅደቐቶም ዓለምለኸ ኪዳናትን ብካልኦት ሕግታት ኢትዮጵያን ኣብ ልዕሊ ዘርኢ ሰብ ዝተፈፀሙ ገበናት ተባሂሎም ዝተወሰኑ ገበናት፣ ብርሰት ዘርኢ ሰብ፣ ብዘይ ፍርዲ ናይ ሞት መቕፃዕቲ ስጉምቲ ምውሳድ፣ ንሰባት ብኣስገዳድ ምስዋር ወይ ዘይሰብኣዊ ተግባራት መግረፍቲ ኣብ ልዕሊ ዝፈፀሙ ሰባት ዝቐርብ ክሲ ብይርጋ ኣይእገድን። በቲ ኣውፃኢ ሕጊ ኮነ ወይ ብካልኦት ኣካላት መንግስቲ ብምሕረት ወይ ብይቕርታ ኣይሕለፉን።
2. ካብ'ዚ ንላዕሊ ተሓጊጉ ዘሎ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ገበናት ፈፂሞም ፍርዲ ሞት ንዝተበየኖም ሰባት እቲ ርእሰ ብሄር ነቲ መቕፃዕቲ ናብ ዕድመ ይፍታሕኻ ከማሓይሾ ይኽእል'ዩ።

www.abyssinialaw.com

# ክፍሊ ክልተ

## ዴሞክራሲያዊ መሰላት

### ዓንቀፅ 29

### ናይ ኣረኣእያን ሓሳብካ ብናፃ ናይ ምሓዝን ምግላፅን መሰል

1. ዝኾነ ሰብ ብዘይ ዝኾነ ኢድ ኣእታውነት ዝመሰሎ ኣረኣእያ ክሕዝ ይኽእል፡፡
2. ዝኾነ ሰብ ብዘይ ዝኾነ ኢድ ኣእታውነት ንሓሳቡ ናይ ምግላፅ ናፅነት ኣለዎ፡፡ እዚ ናፅነት ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ወፃኢ ብዘይ ገደብ ብቃል፣ ብፅሑፍ ወይ ብሕትመት፣ ብስነጥበብ ወይ ብዝመረፆ ኩሉ ዓይነት ፈነወ ዝኾነ ዓይነት መረዳእታን ሓሳብን ናይ ምእካብ፣ ምቕባልን ምዝርጋሕን ናፅነታት ይሓውስ፡፡
3. ናይ ፕሬስን ካልኦት መራኸቢ ብዙሃን፣ ከምኡ'ውን ናይ ስነ ጥበብ ናፅነት ምህዞ

www.abyssinialaw.com

ተረጋጊፁ ኣሎ፡፡ ናፅነት ፕሬስ ብፍላይ ነዞም
ዝስዕቡ መሰላት የጠቓልል፤

ሀ/ ቅድመ ምርመራ ብዝኾነ መልክዑ
ዝተኸልከለ ምዃኑ፣

ለ/ ረብሓ ህዝቢ ዝምልከት መረዳእታ ናይ
ምርካብ መሰል፡፡

4. ንስርዓት ዴሞክራሲ ኣገዳሺ ዝኾኑ
መረዳእታታት፣ ሓሳባትን ኣረኣእያታትን ብናፃ
ምንሽርሻሮም ንምርግጋፅ እንትበሃል ፕሬስ ከም
ትካል ናይ ኣሰራርሓ ናፅነት ክህልዎን
ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ናይ ምእትንጋድ
ዓቕሚ ምእንታን ከጥርይን ሓለዋ ሕጊ
ይግበረሉ፡፡

5. ብገንዘብ መንግስቲ ዝመሓደር ወይ ኣብ ትሕቲ
ዋንነት መንግስቲ ዘሎ መራኸቢ ብዙሃን
ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ንምትእንጋድ
ብዘኽእሎ ኣገባብ ክምራሕ ይግበር፡፡

www.abyssinialaw.com

6. እዞም መሰላት ገደብ ዝግበረሎም ናይ ሓሳብን ሓበሬታ ናይ ምርካብን ናፅነት ብናይ ኣተሓሳስባ ትሕዝቱኡን ከስዕቦ ብዘኽእል ናይ ኣታሓሳስባ ውፅኢትን ክዕገት ኣይብሉን ኣብ ዝብል መትከል ተመስሪቶም ብዝወፁ ሕግታት ጥራሕ ይኸውን። ድሕነት መናእሰይ፣ ክብሪ ሰብን ሰናይ ስምን ንምኽባር ተባሂሉ ኣብ'ዞም መሰላት ገደብ ክቕመጥ ይኽእል። ንኲናት ዘለዓዕሉ ተግባራት ከምኡ'ውን ሰብኣዊ ክብሪ ዝትንክፉ ናይ ኣደባባይ መግለፂታት ብሕጊ ዝተኸልከሉ እዮም።
7. ነቶም ካብ'ዚ ንላዕሊ ዝተገለፁ ሕጋዊ ገደባት ዝጥሕስ ዝኾነ ዜጋ ብሕጊ ክሕተት ይኽእል።

## ዓንቀፅ 30

## ናይ ምእካብን ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ምግባርን ናፅነትን ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰልን

1. ዝኾነ ሰብ ዕጥቂ ከይሓዘ ምስ ካልኦት ብሓባር ብሰላም ናይ ምእካብ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ምግባር ናፅነትን ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰልን ኣለዎ። ካብ ገዛ ወፃኢ ኣኼባታትን ሰላማዊ ሰልፍታትን እንትካየዱ ኣብ'ቲ ዝንቀሳቐሱሉ ከባቢ ፀገም ከይፍጠር ንምግባር ወይ ድማ ዴሞክራሲያዊ መሰላትን ናይ ህዝቢ ሞራልን ምእንታን ከይጠሓሱ ኣግባብ ዘለዎም ስርዓታት ክሕንፀፁ ይኽእሉ።
2. እዚ መሰል ድሕነት መናእሰይ፣ ክብሪ ሰብን ሰናይ ስምን ንምኽባር፣ ንኩናት ዘለዓዕሉ ምብርባራት ከምኡ'ውን ሰብኣዊ ክብሪ ዝዳፍኡ ናይ ኣደባባይ መግለፂታት ንምክልኻል

www.abyssinialaw.com

እንትበሃል ብዝወፁ ሕግታት ካብ ተሓታትነት ኣየድሕንን፡፡

## ዓንቀፅ 31

## መሰል ምውዳብ

ዝኾነ ሰብ ንዝኾነ ዕላማ ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎ፡፡ ኮይኑ ግና ኣግባብ ንዘለዎ ሐጊ ብምጥሓስ ወይ ድማ ነቲ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ካብ ሕጊ ወፃኢ ንምፍራስ ዝተመስረቱ ወይ ነዞም ዝተጠቐሱ ተግባራት ዘሰጉሙ ውድባት ዝተኸልከሉ እዮም፡፡

## ዓንቀፅ 32

## ናይ ምዝውዋር ናፅነት

1. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ'ዛ ሃገር ዝርከብ ናይ ወፃኢ ዜጋ ኣብ ዝመረፆ ናይ'ታ ሃገር ከባቢ ናይ ምዝውዋር፣ መንበሪ ገዛ ናይ ምምስራት ከምኡ'ውን ኣብ ዝደለዮ ግዜ ካብ ሃገር ናይ ምውፃእ ናፅነት ኣለዎ፡፡

www.abyssinialaw.com

2. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ናብ ሃገሩ ናይ ምምላስ መሰል ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 33
## መሰላት ዜግነት

1. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ (ተባዕታይ ኮነ ኣንስተይቲ) ካብ ፍቓዱ ወፃኢ ኢትዮጵያዊ ዜግነቱ ክግፈፍ ኣይኽእልን፡፡ ኢትዮጵያዊ ዜጋ ምስ ናይ ካልእ ሃገር ዜጋ ዝፍፅሞ ሓዳር ኢትዮጵያዊ ዜግነቱ ዘትርፍ ኣይኮነን፡፡
2. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ዜጋ፣ ዜግነት ኢትዮጵያ ብሕጊ ዘጐናፀፎ መሰል፣ ሓለዋን ረብሓን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡፡
3. ዝኾነ ዜጋ ንኢትዮጵያዊ ዜግነቱ ናይ ምልዋጥ መሰል ኣለዎ፡፡
4. ኢትዮጵያ ምስ ዘፅደቐቶም ዓለምለኸ ኪዳናት ብዘይፃባእ መንገዲ ብዝቕረፅ ሕግን ስርዓትን

www.abyssinialaw.com

ዜግነት ኢትዮጵያ ንናይ ወፃኢ ሃገር ሰባት ክዋሃብ ይኽእል፡፡

## ዓንቀፅ 34

## መሰላት ሓዳር፣ ውልቀን ስድራን

1. ነቲ ብሕጊ ዝተቐመጠ ዕድመ ዘማልኡ ኣወዳትን ኣንስትን ብዘይ ኣፈላላይ ዘርኢ፣ ብሄር ብሄረሰብ ወይ ሃይማኖት ሓዳር ናይ ምግባርን ስድራ ናይ ምምስራትን መሰል ኣለዎም፡፡ ኣብ ኣፈፃፅማ ሓዳር፣ ኣብ ግዜ ሓዳርን ኣብ ፍትሕን ማዕረ መሰል ኣለዎም፡፡ ኣብ ግዜ ፍትሕ ንመሰልን ረብሓን ቆልዑ ዘኽብሩ ሕግታት ክቕረፁ እዮም፡፡
2. ሓዳር ብናፃን ምሉእን ፍቓድ ተመራዐውቲ ይምስረት፡፡
3. ስድራ ናይ ሕብረተሰብን ተፈጥሮን መሰረታዊ መበገሲ'ዩ፡፡ ካብ ሕብረተሰብን መንግስትን ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡፡

www.abyssinialaw.com

4. ብመሰረት ብሕጊ ተዘርዚሩ ዝንፀር፣ ብሃይማኖታውን ባህላውን ስርዓታት ሕጊ ዝፍፀሙ ሓዳራት ሕጋዊ ኣፍልጦ ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ሰናይ ፍቓድ ሰብ ጉዳይ ኮይኑ ብስርዓት ሃይማኖት ወይ ብባህላዊ ሕግታት ዝዳነ ናይ ውልቀን ናይ ስድራን ጉዳይ እዚ ሕገ መንግስቲ ኣይኽልክልን። ዝርዝሩ ብሕጊ ክውሰን'ዩ።

## ዓንቀፅ 35

## መሰል ደቂ ኣንስትዮ

1. ደቂ ኣንስትዮ እዚ ሕገ መንግስቲ ዘረጋገፆም መሰላት ኣብ ምጥቃም ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን።
2. ደቂ ኣንስትዮ ብመሰረት ኣብ'ዚ ሕገ መንግስቲ ተሓጊጉ ዘሎ ኣብ ሓዳር ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን።

3. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ብትሕትነትን ኣድልዎን ዝበፅሐን ጉድኣት ኣብ ግምት ብምእታው፣ እዚ ጉድኣት ክእረመለን ተወሰኽቲ ናይ ደገፍ ስጉምቲታት ክውሰድን ናይ'ዚ ደገፍ ተጠቀምቲ ናይ ምዃን መሰልን ኣለወን፡፡ እቲ ኣብ'ዚ መዳይ ዝውሰድ ስጉምቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን መዳያት ከምኡ'ውን ኣብ ናይ መንግስትን ናይ ውልቀን ትካላት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብማዕረ ተወዳደርትን ተሳተፍትን ክኾና ንምግባር ፍሉይ ትኹረት ንምሃብ እዩ፡፡

4. ደቂ ኣንስትዮ ካብ ተፅዕኖ ጎዳኢቲ ባህልታት ናይ ምንጋፍ መሰለን መንግስቲ ከኽብረለን ይግባእ፡፡ ንደቂ ኣንስትዮ ዝጭቁኑ ኣብ ኣካለን ወይ ኣብ ኣእምሮአን ጉድኣት ዘስዕቡ ሕግታት፣ ባህልታትን ልማዳትን ዝተኸልከሉ እዮም፡፡

www.abyssinialaw.com

5. ሀ/ ደቂ ኣንስትዮ ፍቓድ ወሊድ ምስ ምሉእ ክፍሊት መሃያ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን፡፡ መጠን ፍቓድ ወሊድ፣ ንኩነታት ስራሕ እታ ጓል ኣንስተይቲ፣ ኩነታት ጥዕናኣ፣ ድሕነት እቲ ህፃንን ስድራን ኣብ ግምት ኣእቲዉ ብሕጊ ይውሰን፡፡
   ለ/ ፍቓድ ወሊድ ብሕጊ ብዝውሰን መሰረት ምስ ምሉእ ክፍሊት መሃያ ንዝዋሃብ ፍቓድ ጥንሲ ክሓውስ ይኽእል፡፡
6. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምስንዳእን ኣብ ኣፈፃፅማን ሃገራዊ ትልሚ ፖሊሲ ልምዓትን ፕሮጀክትታትን ብፍላይ ድማ ንረብሓ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝትንክፉ ፕሮጀክትታት ሓሳበን ብዝተማልአ ኣገባብ ከቕርባ ናይ ምሕታት መሰል ኣለወን፡፡
7. ደቂ ኣንስትዮ ንብረት ናይ ምውናን፣ ምምሕዳር፣ ምቁፅፃር፣ ምጥቃምን ምትሕልላፍን

www.abyssinialaw.com

መሰል ኣለወን፡፡ ብፍላይ ንመሬት ናይ ምጥቃም፣ ምትሕልላፍ፣ ምምሕዳርን ምቁፅፃርን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን፡፡

8. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስራሕ ናይ ምቑፃር፣ ዕብየትን ማዕረ ክፍሊትን ናይ ምርካብ ከምኡ'ውን ጡረታ ናይ ምትሕልላፍ ማዕረ መሰል ኣለወን፡፡

9. ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ጥንስን ሕርስን ዘጋጥመን ጉድኣት ንምክልኻልን ጥዕነአን ንምሕላውን ዝሕግዘን ትምህርቲ፣ ሓበሬታን ዓቕምን ምጣነ ስድራ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን፡፡

## ዓንቀፅ 36

## መሰል ህፃናት

1. ዝኾነ ህፃን እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎ፣

ሀ/ ብህይወት ናይ ምንባር፣

ለ/ ስምን ዜግነትን ናይ ምርካብ፣

www.abyssinialaw.com

ሐ/ ወለዱ ወይ ብሕጊ ናይ ምዕባይ መሰል ንዘለዎም ሰባት ናይ ምፍላጥን ካብኣቶም ክንክን ናይ ምርካብን፣

መ/ ንጉልበቱ ካብ ዝምዝምዙ ልምድታት ናይ ምድሓን፣ ኣብ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ድሕነቱን ጉድኣት ኣብ ዘብፅሑ ስራሕቲ ክሳተፍ ናይ ዘይምግዳድ ወይ ካብ ምስራሕ ናይ ምንጋፍ፣

ሰ/ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ትካላት መዕበዩ ህፃናት ኣብ ኣካሉ ካብ ዝፍፀም ወይ ካብ ጨካንን ዘይሰብኣውን መቕፃዕቲ ናፃ ናይ ምኻን፣

2. ህፃናት ዝምልከቱ ስጉምቲ ኣብ ዝወሰዱሉ ግዜ ኣብ መንግስታዊ ወይ ናይ ውልቀ ትካል፣ ኣብ ትካላት ገበርቲ ሰናይ፣ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ፣ ኣብ ሰበስልጣን ምምሕዳር፣ ኣብ ኣውፃእቲ ሕጊ ድሕነት ህፃናት ቀዳምነት ክዋሃቦ ይግባእ፡፡

3. ኣብ ቤት ማእሰርቲ ወይ ቤት ህንፀት ዝርከቡ ጥፍኣተኛታት ዝኾኑ መናእሰይ ብሓገዝ መንግስቲ ዝዓብዩ መናእሰይ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ ወይ ናይ

www.abyssinialaw.com

ውልቀ ትካላት ደኾታማት ዝርከቡ መናእሰይ ካብ ኣባፅሕ ተፈልዮም ክተሓዙ ይግባእ፡፡

4. ካብ ሓዳር ወፃኢ ዝተወልዱ ህፃናት ምስቶም ካብ ሓዳር ዝተወልዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም፡፡

5. መንግስቲ ንደኾታማት ፍሉይ ሓለዋ ይገብር፡፡ ብሞግዚታት ክዓብዩ ዝገብር ስርዓት ዘመቻቸዉን ዘስፋሕፍሑን ከምኡ'ውን ድሕነቶምን ትምህርቶምን ዘሳልጡ ትካላት ክምስረቱ የተባብዕ፡፡

### ዓንቀፅ 37

### ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰል

1. ዝኾነ ሰብ ብፍርዲ ውሳነ ክወሃቦ ንዝግባእ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ወይ ናብ ካልእ ዳይነት ዝተውሃቦ ኣካል ናይ ምቕራብን ውሳኔ ወይ ፍርዲ ናይ ምርካብ መሰልን ኣለዎ፡፡

2. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገልፀ ውሳነ ወይ ፍርዲ

www.abyssinialaw.com

ሀ/ ዝኾነ ማሕበር ሓባራዊ ወይ ውልቃዊ ረብሓ ኣባላቱ ብምውካል

ለ/ ጉጅለ ወይ ተመሳሳሊ ረብሓ ዘለዎም ሰባት ዝውክል ውልቀሰብ ወይ ኣባል እቲ ጉጅለ ናይ ምሕታትን ምርካብን መሰል ኣለዎ፡፡

### ዓንቀፅ 38

### ናይ ምምራፅን ተመራፂ ምዃንን መሰል

1. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ብሕብሪ፣ ብዘርኢ፣ ብብሄር፣ ብብሄረሰብ፣ ብፆታ፣ ብቛንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ ወይ ብኻልእ ኣረኣእያ ወይ ብኻልእ ቅዋሙ ኣፈላላይ ከይተገበረሉ ነዞም ዝስዕቡ መሰላት ይጐናፀፍ፣

ሀ/ ብቐጥታን ብናፃን ብዝመረፆም ተወከልቱ ኣቢሉ ኣብ ጉዳይ ምምሕዳር ህዝቢ ናይ ምስታፍ፣

ለ/ ዕድምኡ 18 ምስኮነ ብመሰረት ሕጊ ናይ ምምራፅ፣

www.abyssinialaw.com

ሐ/ ኣብ ዝኾነ ብደረጃ መንግስቲ ኣብ ዝካየድ መረፃ ናይ ምምራፅን ተመራፂ ናይ ምኧንን፡፡ እቲ መረፃ ኣድማሳዊ፣ ኩሉ ብማዕርነት ዝሳተፈሉን ብሚስጥርን ዝካየድ ከምኡ'ውን እቲ መራፂ ንድልየቱ ብናፅነት ንምግላፅ ውሕስነት ዝረኽበሉ ክኸውን ይግባእ፡፡

2. ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ኣብ ማሕበራት ሰራሕተኛ፣ ንግዲ፣ ኣስራሕትን ሞያን ንምስታፍ እቶም ውድባት ዝጠልብዎ ረቛሓ ዘማልአ ሰብ ብድልየቱ ኣባል ናይ ምኧን መሰሉ ዝተኸበረ እዩ፡፡

3. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ ዝተጠቐሱ ውድባት ንዘሎ ናይ ሓላፍነት ቦታ ዝካየዱ መረፃታት ናፃን ዴሞክራሲያዊን ብዝኾነ ኣገባብ ይካየዱ፡፡

www.abyssinialaw.com

4. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፃት 2ን 3ን ዝሰፈሩ ሕግታት ንረብሓ ህዝቢ ስፍሕ ብዝበለ ኣገባብ ክሳብ ዝተንከፉ ኣብ ህዝባዊ ትካላት'ውን ይትግበሩ።

## ዓንቀፅ 39

## መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን

1. ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክሳብ ምንፃል ዝኸይድ መሰል ዓርሰ ውሳኔኡ ብዝኾነ መልክዕ ብዘይገደብ ዝተረጋገፀ'ዩ።
2. ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብቛንቋኡ ናይ ምዝራብ፣ ናይ ምፅሓፍ፣ ቛንቋኡ ናይ ምምዕባልን ባህሉ ናይ ምግላፅ፣ ናይ ምምዕባልን ናይ ምስፋሕን ከምኡ'ውን ታሪኹ ናይ ምዕቃብ መሰል ኣለዎ።
3. ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንባዕሉ ናይ ምምሕዳር መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል፣ እቲ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ ኣብ ዝሰፈረሉ መልክኣ ምድሪ ንባዕሉ ዘማሓድረሉ መንግስታዊ ትካላት ናይ

www.abyssinialaw.com

ምምስራት ከምኡ’ውን ኣብ ክልላውን ፌዴራላውን ምምሕዳራት ሚዛናዊ ውክልና ናይ ምርካብ መሰል ይሓውስ።

4. መሰል ዓርሰ ውሳኔ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክሳብ ምንፃል ኣብ ተግባር ዝውዕል፣

ሀ/ እቲ ናይ ምንፃል ሕቶ ብናይ’ቲ ብሄር፣ ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ ቤት ምኽሪ ኣውፃኢ ሕጊ ብኽልተ ሲሶ ናይ ደገፍ ድምፂ ተቐባልነት ምርካቡ እንትረጋገፅ፣

ለ/ ውሳነ ቤት ምኽሪ እቲ ብሄር፣ ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ ነቲ ፌዴራል መንግስቲ ምስበፅሖ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ነቲ ሓታቲ ብሄር፣ ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ፣ ውሳነ ህዝቢ እንትሰናዳእ፣

ሐ/ እቲ ናይ ምንፃል ሕቶ ብዓብላላይ ድምፂ ውሳነ ህዝቢ እንትድገፍ፣

መ/ ፌዴራላዊ መንግስቲ ንቤት ምኽሪ እቲ ምንፃል ዝመረፀ ብሄር፣ ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ ስልጣን እንተረክብ፣

ሰ/ ብመሰረት እቲ ብሕጊ ዝውሰን መቐሎ ንብረት እንትግበር'ዩ።

5. ኣብ'ዚ ሕገ መንግስቲ «ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ» ማለት ስዒቡ ንዝተገለፀ ባህርይ ዝገልፅ ማሕበረሰብ'ዩ። ስፍሕ ዝበለ ሓባራዊ ባህርይ ዘንፀባርቐ ባህሊ ወይ ተመሳሳሊ ልምድታት ዘለዎም፣ ሓባራዊ ናይ መረዳድኢ ቋንቋ ዘለዎም፣ ሓባራዊ ወይ ዝተዛመደ ህልውና ኣለና ኢሎም ዝኣምኑ፣ ስነኣእምሮኣዊ ሓድነት ዘለዎምን ብኣመዛኒ ኣብ ዝተትሓሓዘ መልክኣ ምድሪ ዝነብሩ እዮም።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 40

## መሰል ንብረት

1. ዝኾነ ናይ ኢትዮጵያ ዜጋ (ተባዕታይን ኣንስተይቲን) በዓል ዋና ናይ ብሕቲ ንብረት ናይ ምዃን መሰሉ ይኽበረሉ፡፡ እዚ መሰል ምእንተ ረብሓ ህዝቢ ብኻልእ ኩነታት ሕጊ ክሳብ ዘይተወሰነ፣ ንብረት ናይ ምውናንን ብንብረት ናይ ምጥቃምን ወይ ንመሰል ካልኦት ዜጋታት ክሳብ ዘይተፃብአ ንብረት ናይ ምሻጥ፣ ናይ ምውራስ ወይ ብኻልእ መንገዲ ናይ ምትሕልላፍ መሰላት ይሓውስ'ዩ፡፡
2. ንዕላማ እዚ ዓንቀፅ «ናይ ብሕቲ ንብረት» ማለት ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዝተውሃቦም ኢትዮጵያዊ ማሕበራት ወይ ቅቡል ብዝኾኑ ኣገባባት ብሕጊ ብፍሉይ መንገዲ ብሓባር ወነንቲ ንብረት ክኾኑ ዝተፈቐደሎም ማሕበረሰባት ብጉልበቶም ብናይ ምምሃዝ ክእለቶም ወይ ብርእሰ ማሎም

ዘጥረይዎ ጭቡጥ ዝኾነን ዘይጭበጥን ግን ድማ እሴት ዘለዎን ውፅኢት ማለት’ዩ፡፡

3. ዋንነት መሬትን ሃብቲ ተፈጥሮን ገጠርን ከተማን ናይ መንግስትን ህዝብን ጥራሕ’ዩ፡፡ መሬት ዘይሽየጥ፣ ዘይልወጥ ሓባራዊ ንብረት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ እዩ፡፡
4. ሓረስቶት ኢትዮጵያ መሬት ብናፃ ናይ ምርካብን ካብ መሬቶም ናይ ዘይምንቃልን መሰሎም ዝተኸበረ’ዩ፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብሕጊ ይንፀር፡፡
5. ሰበኽ ሳግም ኢትዮጵያ ንመግሃጫን ንሕርሻን ዝጥቀሙሉ መሬት ብናፃ ናይ ምርካብ፣ ናይ ምጥቃምን ካብ መሬቶም ናይ ዘይምምዝባልን መሰል ኣለዎም፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይንፀር፡፡
6. ዋንነት መሬት ናይ ኢትዮጵያ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምኧኑ ከምዘሎ ኮይኑ መንግስቲ ንሰብ ውልቀ ሃብቲ ብሕጊ ብዝውሰን

www.abyssinialaw.com

ክፍሊት ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም የኽብረሎም፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይንፀር፡፡

7. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ብጉልበቱ፣ ወይ ብገንዘቡ ኣብ መሬት ኣብ ዝሃንፆ ቀዋሚ ንብረት ወይ ኣብ ዘካይዶ ቀዋሚ ምምሕያሽ ምሉእ መሰል ኣለዎ፡፡ እዚ መሰል ናይ ምሻጥ፣ ምልዋጥ፣ ምውራስ፣ ናይ'ቲ መሬት ተጠቃምነቱ እንትቋረፅ ንብረቱ ናይ ምልዓል፣ ዋንነቱ ናይ ምዝዋር ወይ ክፍሊት ካሕሳ ናይ ምሕታት መሰላት ይሓውስ፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብሕጊ ይንፀር፡፡

8. መሰል ዋንነት ብሕታዊ ንብረት ከምዘሎ ኮይኑ መንግስቲ ንረብሓ ህዝቢ ኣድላዪ'ዩ ኢሉ ኣብ ዝኣመነሉ ኣቐዲሙ ተመጣጣኒ ካሕሳ ከፊሉ ነቲ ንብረት ክወስዶ ይኽእል፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 41

## ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት

1. ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ኣብ ሃገሩ ኣብ ዝኾነ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ናይ ምውፋርን ንመነባብሮኡ ዝመረፆ ስራሕ ናይ ምክያድን መሰል ኣለዎ::
2. ኩሉ ኢትዮጵያዊ መነባብሮኡ፣ ስርሑን ሞያኡን ናይ ምምራፅ መሰል ኣለዎ::
3. ኩሎም ዜጋታት ኢትዮጵያ ብገንዘብ መንግስቲ ኣብ ዝካየዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብማዕረ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎም::
4. መንግስቲ ጥዕና፣ ትምህርትን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ንህዝቢ ንምቕራብ በብጊዚኡ እናወሰኸ ዝኸይድ ሃብቲ ይምደብ::
5. መንግስቲ ንጉዱኣት ኣካልን ኣእምሮን፣ ንኣረጋውያንን ወለዲ ወይ ሓብሓቢ ዝሳኣኑ ህፃናትን ንምሕጋዝን እግሪ ክተኽሉ ንምግባርን

ክንዲ ዓቕሚ ቁጠባ እታ ሃገር ዘፍቅዶ ክንክን ይገብር፡፡

6. መንግስቲ ስራሕ ንዝሰኣኑን ንፅጉማትን ዝኸውን ስራሕ ንምፍጣር ዝሕግዝ ፖሊሲ ይኸተል፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ዘሳልጦ ዘፈር ዕዮ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ዝኽእሉ መደባት ይሕንፅፅ ፕሮጀክትታት የካይድ፡፡

7. ዜጋታት ጠቓሚ ስራሕ ንምርካብ ዝኽእሎም ዕድል እናስፍሐ ምእንታን ክኸይድ መንግስቲ ኣድላዪ ስጉምቲ ይወስድ፡፡

8. ሓረስቶትን ሰበኸ ሳግምን ኢትዮጵያውያን በብግዚኡ እናተመሓየሸ ዝኸይድ መነባብሮ ምእንታን ክህልዎም ንፍርያቶም ምስ ንምህርቲ ዘውፅእዎ መጠን ዝሳነ ዋጋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡ መንግስቲ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ልምዓታውን ፖሊሲታት ኣብ ዝሕንፅፀሉ ግዜ በዚ ዕላማ ክምራሕ ኣለዎ፡፡

www.abyssinialaw.com

9. መንግስቲ ንባህሊ፣ ታሪኽን ሓድጊን ናይ ምክንኻንን፣ ስነጥበብን ስፖርትን ክጋፋሕ ኣስተዋፅኦ ናይ ምግባርን ሓላፊነት ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 42

## መሰል ሰራሕተኛታት

1. ሀ/ ሰራሕተኛታት ፋብሪካን ኣገልግሎትን፣ ሓረስቶት፣ ሰራሕተኛታት ሕርሻ፣ ካልኦት ሰራሕተኛታት ገጠር፣ ትሕቲ ዝተወሰነ ደረጃ ዝርከቡን ናይ ስራሕ ባህሪኦም ዝፈቕደሎምን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኩነታት ስርሖምን ቁጠባዊ ዓቕሞምን ንምምሕያሽ ብማሕበር ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎም፡፡ እዚ መሰል ማሕበር ሰራሕተኛታትን ካልኦት ማሕበራትን ናይ ምውዳብ፣ ምስ ኣስራሕትን ጥቕሞም ምስ ዝትንከፉ ካልኦት ትካላትን ናይ ምልዛብ መሰል ይሓውስ፡፡

ለ/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (ሀ) ዝተገልፁ ክፍልታት ሰራሕተኛታት ስራሕ ጠጠው ንናይ ምባል

ኣድማ ሓዊሱ ቅሬትኦም ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎም፡፡

ሐ/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (ሀ)ን (ለ)ን ኣፍልጦ ብዝረኸቡ መሰላት ንምጥቃም ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣየኖት ምዃኖም ብሕጊ ይውሰን፡፡

መ/ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ንተመሳሳሊ ስራሕ ተመሳሳሊ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰለን ዝተረጋገፀ'ዩ፡፡

2. ሰራሕተኛታት ብኣግባብ ዝተወሰነ ናይ ስራሕ ግዜ ዕረፍቲ፣ ናይ ተሃድሶ ግዜ፣ በብግዚኡ ምስ ክፍሊት ዝዋሃቡ ናይ ዕረፍቲ መዓልትታት፣ መሃያ ዝኽፈለሎም በዓላት ህዝቢ ከምኡ'ውን ንጥዕና ዘመቱን ሓደጋ ዘየብፅሕን ናይ ስራሕ ከባቢ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡

3. ነዞም መሰላት ተግባራዊ ንምግባር ዝወፁ ሕግታት ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣፍልጦ

ንዝረኸቡ መሰላት እንተይነከዩ እቶም ዝተጠቐሱ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ዝምስረቱሉን ሓባራዊ ልዝብ ብዛዕባ ዝካየደሉን ስነስርዓት ይቐርፁ::

## ዓንቀፅ 43

## መሰል ልምዓት

1. ብሓፈሻ ህዝብታት ኢትዮጵያ ኮኑ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን በብመዳዮም ኩነታት ናብርኦም ናይ ምምሕያሽን ዘየቋርፅ ዕብየት ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎም::
2. ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ናይ ምስታፍ ብፍላይ ኣባል ዝኾኑሉ ማሕበረሰብ ኣብ ዝምልከቱ ፖሊሲታትን ፕሮጀክትታትን ሓሳቦም ክህቡ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም::

www.abyssinialaw.com

3. መንግስቲ ብዓለምለኸ ደረጃ ዝኣሰሮም ውዕላት ኮኑ ዝገብሮም ርክባት ንዘየቋርፅ ምዕባለ ኢትዮጵያ ዘረጋግፁ ክኾኑ ይግባእ።
4. ቀንዲ ዕላማ ምንቅስቓስ ልምዓት፣ ምዕባለን መሰረታዊ ድልየታትን ዜጋታት ዘማልእ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 44

## መሰል ከባብያዊ ድሕነት

1. ኩሎም ሰባት ፅሩይን ጥዕናውን ኣብ ዝኾነ ከባቢ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም።
2. ብምኽንያት መንግስቲ ዘካይዶም መደባት ዝተመዛበሉ ወይ መነባብሮኦም ዝተተንከፈ ሰባት ካብ መንግስቲ እኹል ሓገዝ ወይ ናብ ካልእ ከባቢ ናይ ምዝዋር መሰል ሓዊሱ ናይ ገንዘብ ወይ ካልእ ኣማራፂ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

www.abyssinialaw.com

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ኣመሰራርታ መንግስቲ

### ዓንቀፅ 45

### ስርዓተ መንግስቲ

ስርዓተ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ ፓርላሜንታዊ'ዩ።

### ዓንቀፅ 46

### ክልላት ፌዴራል

1. እቲ ፌዴራላዊ መንግስቲ ብክልላት ዝተመስረተ'ዩ።
2. ክልላት ዝምስረቱ ንኣሰፋፍራ ህዝቢ፣ ቋንቋ፣ መንነትን ፍቓድን መሰረት ብምግባር'ዩ።

### ዓንቀፅ 47

### ኣባላት እቲ ፌዴራላዊ መንግስቲ

1. ኣባላት ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ እዞም ዝስዕቡ እዮም።
    1. ክልል ትግራይ
    2. ክልል ዓፋር

3. ክልል ኣምሓራ
4. ክልል ኦሮሚያ
5. ክልል ሶማሌ
6. ክልል ቤንሻንጉል ጉምዝ
7. ክልል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ
8. ክልል ህዝብታት ጋምቤላ
9. ክልል ህዝቢ ሃረሪ

2. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣብ ዝተዘርዘሩ ክልላት ዝነብሩ ብሄራት፣ ብሄረሰባት፣ ህዝብታት ኣብ ዝኾነ ግዜ ናይ ባዕሎም ክልል ናይ ምምስራት መሰል ኣለዎም::

3. ናይ ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረሰብ ህዝቢ ናይ ባዕሉ ክልል ናይ ምምስራት መሰል ኣብ ስራሕ ዝውዕል፤

ሀ) እቲ ክልል ናይ ምምስራት ሕቶ በቲ ናይ ብሄር ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ ቤት ምኽሪ ብክልተ ሲሶ ድምፂ

www.abyssinialaw.com

ተቐባልነት ምርካቡ እንትረጋገፅን እቲ ሕቶ ናብ ቤት ምኽሪ እቲ ክልል ብፅሑፍ እንትቐርብ፣

ለ) እቲ ሕቶ ዝቐረበሉ ቤት ምኽሪ እቲ ሕቶ ምስ በፅሖ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ነቲ ሕቶ ዘቕረበ ብሄር፣ ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ ውሳነ ህዝቢ እንተሰናድእ፣

ሐ) እቲ ክልል ናይ ምምስራት ሕቶ ብውሳነ ህዝቢ እቲ ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ ብዓብላላይ ድምፂ እንትድገፍ፣

መ) ቤት ምኽሪ እቲ ክልል ንስልጣኑ ነቲ ሕቶ ዘቕረበ ብሄር ብሄረሰብ ወይ ህዝቢ እንተረክብ፣

ሰ) እቲ ብውሳነ ህዝቢ ዝፍጠር ሓዱሽ ክልል ሕቶ ምቕራብ እንተየድለዩ ብቐጥታ ኣባል ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ እንትኸውን'ዩ፡፡

4.ኣባላት ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ ማዕረ መሰልን ስልጣንን ኣለዎም፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 48

## ለውጢ ኣካላልላ

1. ዶብ ክልላት ብዝምልከት ሕቶ እንተተልዒሉ እቲ ውጥጥ በቶም ዝምልከቶም ክልላት ብስምምዕ ይፍታሕ። ዝምልከቶም ክልላት እንተዘይተሰማሚዖም ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንኣሰፋፍራን ድልየትን እቲ ህዝቢ መሰረት ገይሩ ይውስን።
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝቐረበ ጉዳይ ካብ ክልተ ዓመት ኣብ ዘይበልፅ ግዜ ብቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ናይ መወዳእታ ውሳነ ይዋሃቦ።

## ዓንቀፅ 49

## ርእሰ ከተማ

1. ርእሰ ከተማ እቲ መንግስቲ ፌዴራል ኣዲስ ኣበባ'ዩ
2. ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዓርሱ ንዓርሱ ናይ ምምሕዳር ምሉእ ስልጣን ይህልዎ። እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን።

www.abyssinialaw.com

3. ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተፀዋዕነቱ ንፌዴራል መንግስቲ ይኸውን፡፡
4. ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ ብመሰረት በዚ ሕገ መንግስቲ ተሓጊጉ ዘሎ ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ፌዴራል ይውከሉ፡፡
5. ክልል ኦሮምያ ቀረብ ግልጋሎት ኣጠቓቕማ ሃብቲ ተፈጥሮን ዝመሳሰሉን ብዝምልከት ከምኡ'ውን ኣዲስ ኣበባ ኣብ ማእኸል ክልል ኦሮምያ ዝርከብ ብምኳኑ ንኽልቲኦም ዘተኣሳስሩ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ኣብ ዝምልከት ፍሉይ ረብሕኡ ይኽበረሉ፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን፡፡

www.abyssinialaw.com

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ኣወዳድባን ምቕቓልን ስልጣን

### ዓንቀፅ 50

### ብዛዕባ ኣወዳድባ ኣካላት ስልጣን

1. መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ብክልላት ዝተመስረተ'ዩ፡፡
2. መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን ሕጊ ናይ ምውፃእ ሕጊ ናይ ምፍፃምን ናይ ዳይነትን ስልጣን ኣለዎም፡፡
3. ናይ ፌዴራል መንግስቲ ዝለዓለ ናይ ስልጣን ኣካል ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ፌዴራል'ዩ፡፡ ተፀዋዕነቱ ድማ ንህዝቢ እዛ ሃገር'ዩ፡፡ ናይ ክልል ዝለዓለ ናይ ስልጣን ኣካል ቤት ምኽሪ እቲ ክልል'ዩ፡፡ ተፀዋዕነቱ ድማ ነቲ ዝወከሎ ህዝቢ ክልል'ዩ፡፡
4. ክልላት ብደረጃ ክልልን ብካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ምምሕዳር ፅፍሒታትን ይውደቡ፡፡ ህዝቢ ኣብ ታሕተዎት ፅፍሒታት ምምሕዳር ብቐጥታ

www.abyssinialaw.com

ምእንታን ክሳተፍ ንታሕተዎት ፀፍሒታት እኹል ስልጣን ይዋሃብ፡፡

5. ቤት ምኽሪ ክልል ኣብ ትሕቲ ስልጣን ክልል ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ናይ'ቲ ክልል ሓንፃፂ ሕጊ'ዩ፡፡ ነዚ ሕገመንግስቲ መሰረት ብምግባር ናይ ባዕሉ ክልል ሕገመንግስቲ የሰናድእ፣ የፅድቕ፣ የማሓይሽ፡፡

6. ምምሕዳር ክልል ዝለዓለ ኣካል ኣፈፃሚ ሕጊ እቲ ክልል'ዩ፡፡

7. ስልጣን ዳይነት ክልል ናይ ኣብያተ ፍርዲ ጥራሕ'ዩ፡፡

8. ስልጣን መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን በዚ ሕገ መንግስቲ ተወሲኑ ኣሎ፡፡ ንመንግስቲ ፌዴራል ዝተውሃቦ ስልጣን ብክልላት ክኽበር ኣለዎ፡፡ ንክልላት ዝተውሃበ ስልጣን ብመንግስቲ ፌዴራል ክኽበር ኣለዎ፡፡

www.abyssinialaw.com

9. መንግስቲ ፌዴራል በዚ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 51 ኣብ ዝተውሃብዎ ስልጣንን ተግባራትን ከከም ኣድላይነቱ ንክልላት ብውክልና ክህብ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 51

## ስልጣንን ተግባርን መንግስቲ ፌዴራል

1. ነዚ ሕገ መንግስቲ ይሕልዉ፣ ይከላኸል
2. ናይዛ ሃገር ሓፈሻዊ ቁጠባን ፖሊሲ ማሕበራዊ ልምዓትን ኣመልኪቱ ስትራተጅን ትልሚን ይሕንፅፅ፣ የፈፅም።
3. ናይ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ባህልን ታሪኻዊ ሓድግን ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ሃገር ለኸ ረቛሓታትን መሰረታዊ መዐቀንታት ፖሊሲን ይሕንፅፅ፣ የፈፅም።.
4. ናይዛ ሃገር ናይ ፋይናንስ፣ ናይ ገንዘብ ናይ ወፃኢ ኢንቨስትመንት ፖሊሲታትን ስትራተጅታትን ይሕንፅፅ፣ የፈፅም።

5. ናይ መሬት፣ ሃብቲ ተፈጥሮን ሓድግታት ታሪኽን ኣጠቓቕማን ሓለዋን ኣመልኪቱ ሕጊ ይሕንፅፅ፡፡
6. ናይ ሃገርን ህዝቢን ምክልኻልን ድሕነትን ከምኡ'ውን ንሓይሊ ፖሊስ ፌዴራል መንግስቲ ይውድብ፣ ይመርሕ
7. ንሃገራዊ ባንክ የማሓድር፣ ገንዘብ ይሕትም፣ ይልቃሕ፣ ንሸርፌ ወፃኢን ልውውጥ ገንዘብን ይቆፃፀር፡፡ ክልላት ካብ ፍልፍላት ውሽጢ ሃገር ብዛዕባ ዝልቅሑሉ ሕጊን መምርሒን የውፅእ፡፡
8. ንፖሊሲ ዝምድናታት ወፃኢ ይውስን፣ ነቲ ፖሊሲ የፈፅም፣ ውዕል ዓለም ለኸ ስምምዕ ይኣስር፣ የፅድቕ፡፡
9. መጓዓዝያ ኣየር፣ ባቡር፣ ባሕሪ፣ ግልጋሎት ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽንን ከምኡ'ውን ንኽልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ክልላት ዘራኽቡ ኣውራ መንገድታት የስፋሕፍሕ፣ የመሓድር፣ ይቆፃፀር፡፡

10. ንመንግስቲ ፌዴራል ኣብ ዝተወሰኑ ፍልፍላት ኣታዊ ግብሪን ቀረፅን ይተክል፣ የመሓድር፣ ንበጀት መንግስቲ ፌዴራል የርቅቕ፣ የፅድቕ፣ የማሓድር።
11. ንኽልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ክልላት ዘራኽቡ ወይ ዶብ ተሳገርቲ ዝኾኑ ሩባታትን ሃይቅታትን ኣጠቓቕማኦም ይውስን፣ የማሓድር።
12. ኣብ መንጎ ክልላት ዝግበር ርክብ ንግድን ናይ ወፃኢ ንግድን ይመርሕ ይቆፃፀር።
13. ብገንዘብ ፌዴራል መንግስቲ ዝተመስረቱ ንሓደ ወይ ካብ ሓደ ክልል ንላዕሊ ዝሸፍኑ ትካላት ግልጋሎት የማሓድር የስፋሕፍሕ።
14. ካብ ዓቕሚ ክልል ንላዕሊ ዝኾነ ፀገም ፀጥታ እንተጋጥም ብመሰረት ሕቶ እቲ ክልል ንሓይሊ ምክልኻል እዛ ሃገር የዋፍር።
15. ኣብ'ዚ ሕገ መንግስቲ ዝሰፈሩ ፖለቲካዊ መሰላት ንምፍፃም ኣገደሽቲ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ውድባት ከምኡ'ውን መረፃ ዝምልከቱ ሕግታት ይሕንፅፅ።

www.abyssinialaw.com

16. ብሓፈሻ ኣብ'ዛ ሃገር ኮነ ኣብ ውሱናት ክልላት እዛ ሃገር ኣዋጅ እቶ እቶ ይእውጅ፣ ነቲ ኣዋጅ ይስዕር፡፡
17. ንሕቶ ዜግነት ይውስን፡፡
18. ንጉዳይ ኤሚግሬሽንን ፓስፖርትን ናብ ሃገር ናይ መእተውን መውፅእን ዛዕባታት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ስደተኛታትን ፖለቲካዊ ዕቑባን ይውስን፣ ይመርሕ፡፡
19. ናይ ምህዞን ድርሰትን መሰላት ይፈቅድ፣ ይሕልው፡፡
20. ሓደ ዓይነት ስሩዕ ናይ መዐቀኒ ደረጃታትን ናይ ግዜ ቀመርን ይሕንፅፅ፡፡
21. ብዛዕባ ምውናን ኣፅዋር ሕጊ ይሕንፅፅ፡፡

## ዓንቀፅ 52

## ስልጣንን ተግባርን ክልል

1. በዚ ሕገ መንግስቲ ብፍሉይ ንመንግስቲ ፌዴራል ወይ ድማ ንመንግስቲ ፌዴራልን ንክልላትን ብሓባር ብንፁር ዘይተውሃበ ስልጣን ናይ ክልል ስልጣን ይኸውን፡፡

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተሓገገ ከምዘሎ ኮይኑ ስልጣንን ተግባርን ክልላት ነዞም ዝስዕቡ ይሓውስ፡፡

ሀ) ንዕላማ ዓርሰ ምምሕዳር መሰረት ዝገበረ ክልላዊ ምምሕዳር ይምስረት፣ ልዕልነት ሕጊ ዝሰፈኖ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ይሃንፅ፣ ነዚ ሕገ መንግስቲ ይሕሉ ይከላኸል፡፡

ለ) ንሕገ መንግስቲ ክልላትን ካልኦት ሕግታትን ይሕንፅፅ፣ የፈፅም፡፡

ሐ) ፖሊሲ፣ ስትራተጅን ትልምን ቁጠባ፣ ማሕበራውን ልምዓታውን እቲ ክልል ይሕንፅፅ፣ የፈፅም፡፡

መ) ብመሰረት በቲ መንግስቲ ፌዴራል ዝሕንፀፅ ሕጊ ንመሬትን ሃብቲ ተፈጥሮን የማሓድር፡፡

ሰ) ኣብ ክሊ ነቲ ክልል ዝተወሰነ ፍልፍል ኣታዊ ግብርን ታክስን ይተክል፣ ይእክብ በጀት ክልል ይሰልዕ፣ የፈፅም፡፡

www.abyssinialaw.com

ረ) ምምሕዳርን ኩነታት ስራሕን ሰራሕተኛታት እቲ ክልል ዝምልከት ሕጊ ይሕንፅፅ የፈፅም፣ ኮይኑ ግና ንሓደ መደብ ዕዮ ዘድልዩ ረቛሓታት ትምህርቲ፣ ስልጠናን ተመክሮን ምስ ሓፈሻዊ ናይ'ዛ ሃገር ረቛሓታት ዝተሳነዩ ምዃኖም ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ኣለዎ።

ሸ) ንናይ'ቲ ክልል ሓይሊ ፖሊስ ይውድብ፤ ይመርሕ፤ ናይቲ ክልል ሰላምን ፀጥታን ይሕሉው።

## ምዕራፍ ሸዱሸተ

## ብዛዕባ ኣብያተ ምኽሪ መንግስቲ ፌዴራል

## ዓንቀፅ 53

## ኣብያተ ምኽሪ መንግስቲ ፌዴራል

መንግስቲ ፌዴራል ክልተ ኣብያተ ምኽሪ ይህልዉዎ፤ ንሳቶም ድማ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን እዮም።

www.abyssinialaw.com

# ክፍሊ ሓደ

## ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ

### ዓንቀፅ 54

1. ኣባላት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣድማሳዊ፣ ናፃ፣ ቀጥተኛን ሚዛናውን ብዝኾነን ብሚሽጥራዊ ድምፅን በብሓሙሽተ ዓመት ብህዝቢ ይምረፁ።
2. ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ሓደ ክልል ምርጫ ካብ መንጎ ካልኦት ተወዳደርቲ ዓብላላይ ድምፂ ዝረኸበ ተወዳዳሪ ተዓዋታይ ብዝኾነሉ ኣግባብ መረፃ ይምረፁ። ፍሉይ ውክልና ከምዝግቦኦም ዝእመነሎም ንኡሳን ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብመረፃ ኣባል ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ይኾኑ። እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን።
3. ቁፅሪ ኣባላት ቤት ምኽሪ ንበዝሒ ህዝብን ብፍሉይ ጠመተ ውክልና ዝዋሃቦም ንኡሳን ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰረት ገይሩ ካብ 550 ዘይበልፅ ኮይኑ

www.abyssinialaw.com

ካብ'ዚ ንኡሳን ብሄረሰባት ካብ 20 ዘይውሕድ መንበር ይህልዎም፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይሕገግ፡፡

4. ኣባላት ቤት ምኽሪ፣ ተወከልቲ መላእ ህዝቢ እዮም፡፡

ምእዙዝነቶም ድማ፤

ሀ) ንሕገመንግስቲ

ለ) ንህዝብን

ሐ) ንሕልንኦምን ጥራሕ ይኾውን፡፡

5. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ኣብ ዋዕላ እቲ ቤት ምኽሪ ብሰንኪ ዝህቦ ድምፂ ወይ ርእይቶ ኣይኽሰስን፡፡ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ኣይውሰዶን፡፡

6. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ከቢድ ገበን እንትፍፅም ኢድ ብኢድ ክሳብ ዘይተትሓዘ ብዘይ ፍቓድ እቲ ቤት ምኽሪ ኣይታሓዝን፣ ብገበን'ውን ኣይኽሰስን፡፡

7. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ኣመኔታ ዝመረፆ ህዝቢ ኣብ ዝሳኣነሉ ግዜ ብመሰረት ሕጊ ካብ ኣባልነት ቤት ምኽሪ ይውገድ፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 55

## ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ

1. ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስቲ ኣብ ክሊ ንመንግስቲ ፌዴራል ዝተውሃበ ስልጣን ሕግታት ይሕንፅፅ
2. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝሰፈረ ሓፈሻዊ ሕጋገ ከምዘሎ ኮይኑ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝስዕቡ ዛዕባታት ዝርዝር ሕጊ ይሕንፅፅ፤

   ሀ) ኣጠቓቕማ መሬትን ሃብቲ ተፈጥሮን ከምኡ'ውን ተሳገርቲ ጾብ ወይ ድማ ካብ ሓደ ክልል ንላዕሊ ዘራኽቡ ሩባታትን ሃይቅታትን ብዝምልከት፤

   ለ) ኣብ መንጎ ክልላት ዝህሉ ልውውጥ ንግዲ ከምኡ'ውን ርክብ ንግዲ ወፃኢ ብዝምልከት፤

   ሐ) መጓዓዝያ ኣየር፣ ባቡር፣ ባሕሪ፣ ግልጋሎት ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽንን ከምኡ'ውን ክልተ ወይ

www.abyssinialaw.com

ካብ ክልተ ንላዕሊ ክልላት ዘራኽቡ ኣውራ መንገድታት ብዝምልከት፣

መ) ኣብ'ዚ ሕገ መንግስቲ ናይ ዝተሓገገ ፖለቲካዊ መሰላት ኣፈፃፅማን ከምኡ'ውን መረፃ ብዝምልከት፣

ሰ) መሰል ዜግነት፣ ኢምግሬሽን ፓስፖርትን ናብ ሃገር መእተውን መውፅእን ጉዳያትን ከምኡ'ውን ስደተኛታትን ፖለቲካዊ ፅቑባን ብዝምልከት፣

ረ ሓደ ዓይነት ስሩዕ ናይ መዐቀኒ ደረጃን ቀመር ግዜን ብዝምልከት፣

ሸ) መሰላት ምህዞን ስነጥበብን ብዝምልከት፣

ቀ) ምውናን ኣፅዋር ብዝምልከት።

3. ሕጊ ጉዳይ ሰራሕተኛ ይሕንፅፅ

4. ሕጊ ንግዲ (ኮድ) ይሕንፅፅ

5. ሕጊ መቕፃዒ ገበነኛ ይሕንፅፅ። እዚ ከምዘሎ፣ ክልላት ኣብቶም ብሕጊ መቕፃዒ ገበነኛ መንግስቲ ፌዴራል ዘይተሸፈኑ ዛዕባታት ሕጊ ናይ ምሕንፃፅ ስልጣን ይህልዎም።

www.abyssinialaw.com

6. ሓደ ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ንምፍጣር ብመንግስቲ ፌዴራል ሕጊ ክሕንፀፀሎም ከምዝግባእ ብቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ዝተኣመነሎም ሕግታት ፍትሃ ብሄር ይሕንፅፅ፡፡

7. ኣወጻድባ መንግስቲ ፌዴራል፣ ምክልኸል ሃገርን ህዝብን፣ ሓይሊ ድሕነትን ፖሊስን ይውስን፡፡ ኣብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታትን ንድሕነት ሃገርን ዝትንክፉ ዛዕባታት እንትጋጥሙ የፃርይ፣ ኣድላዪ ስጉምቲ ክውሰዱ ይገብር፡፡

8 ብመሰረት እቲ ኣብ ዓንቀፅ 93 ዝተሓገገ፣ ኣዋጅ እቶ እቶ ይእውጅ፣ ኣፈፃሚ ሕጊ ንዝሕንፅፆ ኣዋጅ እቶ እቶ ተመልኪቱ ይውስን፡፡

9. ብመሰረት ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ዘቕርበሉ ረቂቕ ሕጊ፣ ኣዋጅ ኲናት ይእውጅ፡፡

10. ናይ'ዛ ሃገር ፖሊሲን ስትራተጅን ሓፈሻዊ ቁጠባ፣ ማሕበራዊ፣ ልምዓት ከምኡ'ውን ፖሊሲ ፋይናንስን

ገንዘብን የፅድቕ፤ ገንዘብ፣ ምምሕዳር ሃገራዊ ባንኪ፣ ሸርፊ ወፃኢን ልውውጥን ብዝምልከት ዝርዝር ሕጊ ይሕንፅፅ::

11. ኣብ ክሊ ንመንግስቲ ፌዴራል ዝተወሰነ ፍልፍል ኣታዊ ግብርን ታክስን ይተክል፣ በጀት መንግስቲ ፌዴራል የፅድቕ::

12. ኣፈፃሚ ሕጊ ዝኣሰሮም ውዕላት ስምምዕ ዓለምለኸ የፅድቕ::

13. ንሽመት ዳያኑ ኣብያተ ፍርዲ፣ ኣባላት ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት፣ ኮሚሽነራት፣ ዋና ኦዲተራት ከምኡ'ውን ሽመቶም ብቤት ምኽሪ ክፀድቕ ናይ ዝግበኦም ሽመት ካልኦት ሰበስልጣን የፅድቕ::

14. ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ይምስርት፣ ስልጣንን ተግባሩን ብሕጊ ይውሰን::

15. ትካል ሓባሲ ንብዓት ይምስርት፣ ነቲ ትካል ዝመርሑ ኣባላት ይመርፅ፣ ይስይም:: ስልጣንን ተግባሩን ብሕጊ ይውሰን::

16. ኣብ ዝኾነ ክልል ሰብኣዊ መሰላት እንትጣሓሱን እቲ ክልል ነቲ ተግባር ክገትኦ እንተዘይክኢሉን ብናይ ባዕሉ ተበግሶን ብዘይ ፍቓድ እቲ ክልልን ኣድላዪ ስጉምቲ ክውሰድ ንሓበራዊ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ቤት ምኽሪ ተወከልትን የቕርብ፣ ብመሰረት ዝዋሃብ ውሳነ ንቤት ምኽሪ እቲ ክልል መምርሒ የውርድ፡፡

17. እቲ ቤት ምኽሪ ንቐጻማይ ሚኒስትርን ካልኦት ሰበስልጣን መንግስቲ ፌዴራልን ንሕቶ ናይ ምፅዋዕን ኣሰራርሓ ኣፈፃሚ ሕጊ ናይ ምምርማርን ስልጣን ኣለዎ፡፡

18. ኣባላት ቤት ምኽሪ ንኣፈፃሚ ሕጊ ኣብ ዝተውሃበ ዝኾነ ስልጣን ንምዝርራብ ብሓደ ሲሶ ድምፂ እንትሓቱ እቲ ቤት ምኽሪ ይመያየጥ፡፡ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ'ቲ ዛዕባ ናይ ምዝታይን ኣድላዪ ዝመሰሎ ስጉሚ ናይ ምውሳድን ስልጣን ኣለዎ፡፡

www.abyssinialaw.com

19. ነቲ ቤት ምኽሪ ዝመርሐ ኣፈ ጉባኤን ምኽትል ኣፈጉባኤን ይመርፅ፤ ንስራሕቲ እቲ ቤት ምኽሪ ዘድልዩ ቀዋሚን ጊዚያውን ኮሚቴታት ይምስርት፡፡

## ዓንቀፅ 56

## ፖለቲካዊ ስልጣን

ኣብ'ቲ ቤት ምኽሪ ዓብላላይ መንበር ዝረኸበ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ዝተላፈኑ ውድባት፣ ኣፈፀፃሚ ሕጊ መንግስቲ ፌዴራል ይምስርት /ይምስርቱ፤ ይመርሕ/ይመርሑ፡፡

## ዓንቀፅ 57

## ብዛዕባ ምፅዳቕ ሕጊ

እቲ ቤት ምኽሪ ዘትዩ ዝተሰማመዐሉ ሕጊ ንፊርማ ናይ'ዛ ሃገር ፕሬዚዳንት ይቐርብ፤ እቲ ፕሬዝዳንት ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ይፍርም፡፡ እቲ ፕሬዚዳንት ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ እንተዘይፈሪሙ እቲ ሕጊ ኣብ ስራሕ ይውዕል፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 58

## ኣኼባን ዘበን ስራሕን እቲ ቤት ምኽሪ

1. ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን
2. ስራሕ ግዜ እቲ ቤት ምኽሪ ካብ መወዳእታ ሰሙን መስከረም ክሳብ ሰላሳ ሰነ እዩ፣ ኣብ መንጎ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ዝውስኖ ግዜ ናይ ሓደ ወርሒ ዕረፍቲ ይህልዎ።
3. ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ንሓሙሽተ ዓመት'ዩ ዝምረፅ፣ ናይ ስራሕ ዘበኑ ቅድሚ ምውድኡ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ሓዱሽ መረፃ ተኻይዱ ይፍፀም።
4. እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ኣፈ ጉባኤ እቲ ቤት ምኽሪ ኣኼባ ክፅውዕ ይኽእል'ዩ። ካብ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ልዕሊ ፍርቂ ኣኼባ ክፅዋዕ እንተሓቲቶም እቲ ኣፈ ጉባኤ ኣኼባ ናይ ምፅዋዕ ግዴታ ኣለዎ።

www.abyssinialaw.com

5. ኣኼባታት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ብግልፂ ይካየዱ፤ ኮይኑ ግና ብኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ወይ ብኣፈፃሚ ሕጊ ፌዴራል ዕፁው ኣኼባ ክግበር እንተተሓቲቱን ብልዕሊ ፍርቂ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ እንተተደጊፉን ዕፁው ኣኼባ ክግበር ይከኣል፡፡

## ዓንቀፅ 59

## ውሳኔታትን ስሪታት ስነስርዓትን ቤት ምኽሪ

1. በዚ ሕገ መንግስቲ ብንፁር ክሳብ ዘይተሓገገ ኩሎም ውሳነታት ዝዓልቡ ብዓብላላይ ድምፂ ኣባላት ቤት ምኽሪ እዮም፡፡
2. እቲ ቤት ምኽሪ ብዛዕባ ኣሰራርሑኡን ብዛዕባ ከይዲ ኣተሓናንፃ ሕግን ስሪታት የውፅእ፡፡

## ዓንቀፅ 60

## ብዛዕባ ምብታን እቲ ቤት ምኽሪ

1. ዘበን ስልጣን እቲ ቤት ምኽሪ ቅድሚ ምውድኡ ሓዱሽ መረፃ ምክያድ እንተኣድልዩ እቲ ቀዳማይ

www.abyssinialaw.com

ሚኒስትር ነቲ ቤት ምኽሪ ኣፍቂዱ እቲ ቤት ምኽሪ ክብተን ክገብር ይኽእል'ዩ።

2. ተላፊኖም መንግስታዊ ስልጣን ዝሓዙ ፖለቲካዊ ውድባት ልፍንቶም ፈሪሱ ኣብ'ቲ ቤት ምኽሪ ዝነበሮም ዓብላላይነት ዝሳኣኑ እንተኾይኖም ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ተበቲኑ ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ መንበር ብዘለዎም ፖለቲካዊ ውድባት ካልእ ናይ ልፍንቲ መንግስቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ንምምስራት ምእንታን ክከኣል እቲ ፕሬዚዳንት ንፖለቲካዊ ውድባት ይዕድም። እቶም ፖለቲካዊ ውድባት ሓዱሽ መንግስቲ ንምምስራት ወይ ነቲ ዝነበረ ልፍንቲ ንምቕፃል እንተዘይኽኢሎም እቲ ቤት ምኽሪ ተበቲኑ ሓዱሽ መረፃ ይግበር።

3. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ወይ 2 እቲ ቤት ምኽሪ እንተተበቲኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘይነውሐ ግዜ ሓዱሽ መረፃ ክግበር ኣለዎ።

www.abyssinialaw.com

4. እቲ መረፃ ምስተዛዘመ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ እቲ ሓዱሽ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ስርሑ ይጅምር፡፡
5. ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ምስተበተነ ነታ ሃገር ዝመርሕ እቲ ስልጣን ሒዙ ዝፀንሐ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ልፍንቲ ፖለቲካዊ ውድባት ንመዓልታዊ ዕዮ መንግስቲ ካብ ምስላጥን መረፃ ካብ ምክያድን ወፃኢ ሓደሽቲ ኣዋጃት፣ ስሪታትን ሕጋገታትን ምሕንፃፅ ወይ ነባር ሕግታት ምስዓርን ምምሕያሽን ኣይኽእልን፡፡

## ክፍሊ ክልተ

## ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን

### ዓንቀፅ 61

### ኣባላት ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን

1. ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ኣባል መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ዝኾኑ ክልላት ዝነብሩ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝልእኽዎም ኣባላት ዝውከሉሉ ቤት ምኽሪ እዩ፡፡

www.abyssinialaw.com

2. ነፍሲ ወከፍ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ እንተወሓደ ሓደ ተወካሊ ይህልዎ፤ ብተወሳኺ ናይ'ቲ ብሄር ወይ ብሄረሰብ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ሓደ ተወሳኺ ተወካሊ ይህልዎ፡፡
3. ኣበላት ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ብኣብያተ ምኽሪ ክልላት ይምረፁ፤ ኣብያተ ምኽሪ ክልላት ባዕልቶም ወይ ብቐጥታ ብህዝቢ ክምረፁ ብምግባር ኣባል ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ክውከል ይገብሩ፡፡

### ዓንቀፅ 62

### ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን

1. እቲ ቤት ምኽሪ ንሕገ መንግስቲ ናይ ምትርጓም ስልጣን ይህልዎ፡፡
2. ጉባኤ መርማሪ ጉዳያት ሕገመንግስቲ ይውድብ
3. ክሳብ ምንፃል ኣብዘሎ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣመልኪቶም ኣብ ዝለዓሉ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ሕገ መንግስቲ ይውስን፡፡

www.abyssinialaw.com

4. ኣብዚ ሕገመንግስቲ ዝተሓገገ ማዕርነት ህዝብታትን ኣብ ምፍቕቓድ ዝተመስረተ ሓድነት ህዝብታትን ሱር ክሰድድን ከምዕብልን ይገብር፡፡
5. ምስ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ብሓባር ንዝተውሃብዎ ስልጣናት ይፍፅም፡፡
6. ኣብ መንጎ ክልላት ንዝፍጠሩ ውጥጣት መፍትሒ ይእልሽ፡፡
7. ናይ ሓባር ኣታዊታት ክልላትን መንግስቲ ፌዴራልን ኮይኖም ዝተወሰኑ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዝመቓቐሉሉ ከምኡ'ውን መንግስቲ ፌዴራል ንክልላት ድጎማ ዝህበሉ ቀመር ይውስን፡፡
8. ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ፣ ሕጊ ክሕንፀፀሎም ዝግበኦም ዛዕባታት ፍትሃ ብሄር ይንፅር፡፡
9. ዝኾነ ክልል ነዚ ሕገ መንግስቲ ብምጥሓስ ንሕገመንግስታዊ ስርዓት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቁዎ መንግስቲ ፌዴራል ኢዱ ከእቱ ይእዘዝ፡፡

www.abyssinialaw.com

10. ዝተፈላለዩ ቀዋምን ግዚያውን ኮሚቴታት እቲ ቤት ምኽሪ የቕውም፡፡

11. እቲ ቤት ምኽሪ ናይ ባዕሉ ኣፈጉባኤን ምክትል ኣፈጉባኤን ይመርፅ፣ ናይ ባዕሉ ኣፈፃፅማ ዕዮን ውሽጣዊ ስሪት ምምሕዳርን ይቐርፅ፡፡

## ዓንቀፅ 63

## መሰል ኣባላት ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን

1. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ኣብ ዝኾነ ዋዕላ እቲ ቤት ምኽሪ ብሰንኪ ዝህቦ ርእይቶ ወይ ድምፂ ኣይኽሰስን፣ ምምሕዳራዊ ስጉሚ'ውን ኣይውሰዶን፡፡

2. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ከቢድ ገበን እንትፍፅም ኢድ ብኢድ ክሳብ ዘይተትሓዘ ብዘይ ፍቓድ እቲ ቤት ምኽሪ ኣይታሓዝን ብገበን'ውን ኣይኽሰስን፡፡

## ዓንቀፅ 64

## ውሳነታትን ስራታት ስነስርዓትን

1. ምልኣተ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ዝረጋገፅ ክልተ ሲሶ ኣባላት እንተተረኺቦም እዩ:: ዝኾነ ውሳነ ዝሓልፍ ኣብ'ቲ ዋዕላ ብናይ ዝተረኸቡ ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት ድምፂ እንትድገፍ ጥራሕ'ዩ::
2. ኣባላት ድምፂ ክህቡ ዝኽእሉ ብኣካል እንትርከቡ ጥራሕ'ዩ::

## ዓንቀፅ 65

## ብዛዕባ በጀት

ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንበጀቱ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪቡ የወስን::

## ዓንቀፅ 66

## ስልጣን ኣፈጉባኤ ቤት ምኽሪ

1. ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንኣኼባታት እቲ ቤት ምኽሪ ይመርሕ::

www.abyssinialaw.com

2. ነቲ ቤት ምኽሪ ወኪሉ ንሓፈሻዊ ዕዮ ምምሕዳር ይመርሕ።

3. እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ልዕሊ ኣባላቱ ንዝወሰኖ ናይ ዲስፕሊን ስጉሚ የፈፅም።

## ዓንቀፅ 67

## ኣኼባን ዘበን ስራሕን

1. ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን እንተዋሓደ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ይእከብ።

2. ዘበን ስራሕ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ሓሙሽተ ዓመት ይኸውን።

## ዓንቀፅ 68

## ኣብ ክልቲኡ ኣብያተ ምኽሪ ኣባል ምኳን ዘይከኣል ብዛዕባ ምኳኑ

ዝኾነ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ ኣባል ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ክኸውን ኣይኽእልን።

www.abyssinialaw.com

## ምዕራፍ ሸውዓተ

## ብዛዕባ ፕሬዝዳንት ሪፖብሊክ

### ዓንቀፅ 69

እቲ ፕሬዚዳንት ርእሰ ሃገር ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያ እዩ፡፡

### ዓንቀፅ 70

### ኣሰያይማ ፕሬዚዳንት

1. ንፕሬዚዳንትነት ሕፁይ ናይ ምቕራብ ስልጣን ናይ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ'ዩ፡፡
2. እቲ ዝቐረበ ሕፁይ ኣብ ሓባራዊ ዋዕላ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ብኽልተ ሲሶ ድምፂ እንተተደጊፉ ፕሬዚዳንት ይኸውን፡፡
3. ኣባል ቤት ምኽሪ ንፕሬዚዳንት ኮይኑ እንተተመሪፁ ነቲ ዝተወከለሉ መንበር ይለቅቕ፡፡
4. ዘበን ዕዮ እቲ ፕሬዚዳንት ሽዱሽተ ዓመት ይኸውን፡፡ ሓደ ሰብ ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ንፕሬዚዳንትነት ክምረፅ ኣይኽእልን፡፡

5. መረፃ እቲ ፕሬዚዳንት ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ምስፀደቐ ስርሑ ቅድሚ ምጅማሩ እቲ ሓበራዊ ዋዕላ ኣብ ዝውስኖ ግዜ ኣብ ቅድሚ እቲ ዋዕላ ነዚ ሕገመንግስትን ንህዝቢ ኢትዮጵያን ተኣማንነቱ ብዝስዕቡ ቃላት ይገልፅ፡፡

«ኣነ--------------------ሎማዓንቲ ፕሬዚዳንት ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ብምኳን ስርሐይ እንትጅምር ዝተሸከምኽዎ ዝለዓለ ሓላፍነት ብተኣማንነት ንምፍፃም ቃል ይኣቱ፡፡»

## ዓንቀፅ 71

## ስልጣንን ተግባርን ፕሬዚዳንት

1. ንሓበራዊ ዓመታዊ ዋዕላ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ይኸፍት፡፡
2. ብመሰረት እዚ ሕገ-መንግስቲ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዘፅደቖም ሕግታትን ዓለም ለኸ ስምምዕን ብነጋሪት ጋዜጣ ይእውጅ፡፡

3. ብቐዳማይ ሚኒስትር ዝሕረዩ ነዛ ሃገር ኣብ ሃገራት ወፃኢ ዝውክሉ ኣምባሳደራትን ካልኦት ልኡኻትን ይሸይም፡፡
4. ደብዳቤ ሽመት ናይ ወፃኢ ሃገር ኣምባሳደራትን ፍሉይ ልኡኻትን ይቕበል፡፡
5. ብመሰረት ሕጊ ኒሻናትን ሽልማታትን ይህብ፡፡
6. ብመሰረት ብሕጊ ዝተወሰነ ብቐዳማይ ሚኒስትር ዝቐርብ ዝለዓለ መዓርግ ውትድርና ይህብ፡፡
7. ብመሰረት ሕጊ ይቕረታ ይገብር፡፡

## ምዕራፍ ሸሞንተ

## ኣፈፃሚ ሕጊ

## ዓንቀፅ 72

## ብዛዕባ ስልጣን ኣፈፃምነት

1. ዝለዓለ ናይ ኣፈፃምነት ስልጣን መንግስቲ ፌዴራል ዝተውሃበ ንቐዳማይ ሚኒስትርን ንቤት ምኽሪ ሚኒስትራትን እዩ፡፡

2. ቀዳማይ ሚኒስትርን ቤት ምኽሪ ሚኒስትራትን ተፀዋዕነቶም ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ'ዩ:: ኣባላት ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ናይ መንግስቲ ዕዮ ብሓባር ኣብ ህዝብዎ ውሳነ ናይ ሓባር ሓላፍነት ኣለዎም::
3. ብኻልእ ኣግባብ ክሳብ ዘይተወሰነ ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስቲ ዘበን ዕዮ ቀዳማይ ሚኒስትር ዘበን ዕዮ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ'ዩ::

### ዓንቀፅ 73

### ኣሰያይማ ቀዳማይ ሚኒስትር

1. ቀዳማይ ሚኒስትር ካብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ይምረፅ::
2. ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዓብላላይ መንበር ዝረኸበ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ዝረኸቡ ፖለቲካዊ ውድባት መንግስታዊ ስልጣን ይርከብ/ይርከቡ::

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 74

## ስልጣንን ተግባርን ቀዳማይ ሚኒስትር

1. ቀዳማይ ሚኒስትር ርእሰ ምምሕዳር እዛ ሃገር፣ ኣካቢ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራትን ዋና ኣዛዚ ሓይልታት ኩናትን'ዩ፡፡
2. ቀዳማይ ሚኒስትር ካብ ኣባላት ክልቲኡ ኣብያተ ምኽሪ ወይ ብቕዓት ካብ ዘለዎም ካልኦት ሰባት ዝሓርዮም ኣባላት ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብሕፁይነት ኣቕሪቡ ሽመቶም የፅድቕ፡፡
3. ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝሕንፅዎም ሕግታት፣ ፖሊሲታት፣ መምርሒታትን ውሳኔታትን ተግባራዊ ምኳኖም ይከታተል፣ የረጋግፅ፡፡
4. ንቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ይውክል፡፡

5. ንኣፈፃፅማ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ዘውፅኦም ፖሊሲታት ስሪታት፣ መምርሒታትን ውሳኔታትን ይከታተል::
6. ንፖሊሲ ወፃኢ ናይዛ ሃገር ብላዕላዋይነት ይመርሕ::
7. ንኮሚሽነራት፣ ፕሬዚዳንትን ምኽትል ፕሬዚዳንትን ፌዴራል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ንዋና ኦዲተርን ሓርዩ ሽመቶም ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ የፅድቕ::
8. ንኣፈፃፅማ ዕዮን ብቕዓትን እቲ ምምሕዳር ይቆፃፀር፣ ኣድላዪ ዝኾነ ናይ እርማት ስጉሚ ይወስድ::
9. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2ን 7ን ካብ ዝተዘርዘሩ ወፃኢ ዝኾኑ ዝለዓሉ ናይ መንግስቲ ናይ ሲቪል ሽመታት ይህብ::
10. ብመሰረት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝሕንፀፆ ሕጊ ወይ ዝህቦ ውሳነ ኒሻናትን ሽልማታትን ናብ ፕሬዚዳንት ኣቕሪቡ የውህብ::

www.abyssinialaw.com

11. ብዛዕባ ኩነታት ሃገር፣ ብመንግስቲ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ተግባራትን ብዛዕባ ናይ መፃኢ ትልምታትን ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ በብግዚኡ ፀብፃብ የቕርብ፡፡

12. በዚ ሕገ መንግስትን ብኻልኦት ሕግታትን ዝተነፀሩ ካልኦት ተግባራት የሳልጥ፡፡

13. ነዚ ሕገ መንግስቲ የኽብር ከኽበር ይገብር፡፡

## ዓንቀፅ 75

## ብዛዕባ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስትር

1. ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስትር

   ሀ/ ብቐዳማይ ሚኒስትር ተነፂሮም ዝዋሃብዎ ተግባራት የሳልጥ፤

   ለ/ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ዘይነብረሉ ግዜ ተኪኡዎ ይሰርሕ፡፡

2. ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስትር ተፀዋዕነቱ ንቐዳማይ ሚኒስትር ይኸውን

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 76

## ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት

1. ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ሚኒስትራትን ብመሰረት ብሕጊ ዝውሰን ካልኦት ኣባላትን ዝሓቖፈ ቤት ምኽሪ'ዩ::
2. ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ተፀዋዕነቱ ንቐዳማይ ሚኒስትር'ዩ::
3. ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ንዝውስኖ ውሳነ ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ተፀዋዒ'ዩ::

## ዓንቀፅ 77

## ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት

1. ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝተሓንፀፁ ሕግታትን ዝተውሃቡ ውሳነታትን ብተግባር ምትርጓሞም የረጋግፅ፣ መምርሒታት የውርድ::

2. ኣወጻድባ ሚኒስቴሪታትን ብቐጥታ ንቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ተፀዋዒ ዝኾኑ ካልኦት መንግስታዊ ኣካላትን ይውስን፣ ንዕዮኦም የተሓባብር፣ ይመርሕ፡፡
3. ንዓመታዊ በጀት መንግስቲ ፌዴራል የሰናድእ ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ የቕርብ ምስፀደቐ ተግባራዊ ምኳኑ የረጋግፅ፡፡
4. ንተግባራውነት ፖሊሲ ገንዘብን ፋይናንስን የረጋግፅ፣ ንሃገራዊ ባንክ የመሓድር፣ ገንዘብ ይሕትም፣ ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወፃኢን ይልቃሕ፣ ንሸርፊ ወፃኢን ልውውጥ ገንዘብን ይቆፃፀር፡፡
5. መሰላት ምህዞን ስነ ጥበብን ክኽበሩ ይገብር፡፡
6. ፖሊሲታትን ስትራተጅታትን ቁጠባ፣ ማሕበራውን ልምዓትን ይቐርፅ፣ የፈፅም፡፡
7. ሓደ ዓይነት ስሩዕ ናይ መዐቀኒ ደረጃታትን ቀመር ግዜን ይሕንፅፅ፡፡
8. ንፖሊሲ ዝምድናታት ወፃኢ እዛ ሃገር ይሕንፅፅ፣ የፈፅም፡፡

9. ሕግን ስርዓትን ዝተኸበረ ምኳኑ የረጋግፅ፡፡
10. ኣዋጅ እቶ እቶ ይእውጅ፤ ኣብ ውሽጢ በዚ ሕገ መንግስቲ ዝተሓገገ ገደብ ግዜ ነቲ ዝተኣወጀ ኣዋጅ እቶ እቶ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ኣቕሪቡ የፅድቕ፡፡
11. ንዛዕባታት ኩናት ሓዊሱ ኣብ ዝኾኑ ዛዕባታት ረቛቕ ሕጊ ኣሰናዲኡ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ የቕርብ፡፡
12. ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢን ቀዳማይ ሚኒስትርን ዝህብዎ ካልኦት ተግባራት የሳልጥ፡፡
13. ብመሰረት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝህቦ ስልጣን ስራታት የውፅእ፡፡

www.abyssinialaw.com

## ምዕራፍ ትሽዓተ

## ብዛዕባ ኣመሰራርታን ስልጣንን ኣብያተ ፍርዲ

### ዓንቀፅ 78

### ብዛዕባ ናፃ ኣካል ዳይነት

1. ናፃ ኣካል ዳይነት በዚ ሕገ መንግስቲ ተመስሪቱ ኣሎ።
2. ዝለዓለ ኣካል ዳይነት መንግስቲ ፌዴራል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል እዩ። ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ ግዜ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፌዴራልን ቀዳማይ ቤት ፍርዲ ፌዴራልን ኣብ መላእ ሃገር ወይ ድማ ኣብ ክፉል ክቐውም ብኽልተ ሲሶ ድምፂ ክውስን ይኽእል። ብኸምዚ እንተዘይተወሲኑ ስልጣን ማእኸላይን ቀዳማይን ኣብያተ ፍርዲ ፌዴራል ንኣብያተ ፍርዲ ክልላት ተዋሂቡ ኣሎ።

3. ክልላት፣ ላዕለዋይ ኣብያተ ፍርዲ ክልል፣ ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ክልልን ቀዳማይ ኣብያተ ፍርዲ ክልልን ይህልዎም። እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን።
4. ንስልጣን ዳይነት ካብ ስሩዕ ኣብያተ ፍርዲ ወይ ድማ ብሕጊ ስልጣን ዳይነት ካብ ዝተውሃቦ ትካል ዘግልስ፣ ብሕጊ ንዝተሓገገ ስርዓት ዳይነት ዘይኸተል ፍሉይ ቤት ፍርዲ ወይ ጊዜያዊ ቤት ፍርዲ ኣይምስረትን።
5. ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ኣብያተ ምኽሪ ክልላትን ብመሰረት ዓንቀፅ 34 ንኡስ ዓንቀፅ 5 ሃይማኖታውን ባህላውን ኣብያተ ፍርዲ ክምስርቱ ወይ ኣፍልጦ ክህቡ ይኽእሉ። እዚ ሕገ መንግስቲ ቅድሚ ምፅዳቑ ብመንግስቲ ኣፍልጦ ረኺቦም ክስረሐሎም ዝፀንሑ ሃይማኖታውን ባህላውን ኣብያተ ፍርዲ ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስቲ ኣፍልጦ ረኺቦም ይውደቡ።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 79

## ስልጣን ዳይነት

1. ኣብ ፌዴራል ኮነ ኣብ ክልል ስልጣን ዳይነት ናይ ኣብያተ ፍርዲ ጥራሕ'ዩ፡፡
2. ኣብ ዝኾነ ደረጃ ዝርከብ ኣካል ዳይነት ካብ ዝኾነ መንግስታዊ ኣካል፣ ካብ ዝኾነ በዓል ስልጣን ኮነ ካብ ዝኾነ ካልእ ተፅእኖ ናፃ'ዩ፡፡
3. ዳያኑ ንናይ ዳይነት ተግባሮም ብምሉእ ናፅነት የሳልጡ፡፡ ካብ ብሕጊ ወፃኢ ብኻልእ ኣግባብ ኣይምርሑን፡፡
4. ዝኾነ ዳይና ብዘይካ በቶም ኣብ ዝስዕብ ሰፈሮም ዘለዉ ኣገባባት፣ ብሕጊ ዝተወሰነ ናይ ጡረታ ዕድምኡ ቅድሚ ምብፅሑ ብዘይ ፍቓዱ ካብ ናይ ዳይነት ስርሑ ኣይላዓልን፡፡

ሀ/ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብመሰረት ሕጊ ዲስፐሊን ዳያኑ፣ ጥፍኣት ፈፂሙ ወይ ጉልሂ

ዝኾነ ዋሕዲ ክእለትን ሰለጤንን ኣለዎ ኢሉ እንትውስን፤ ወይ

ለ/ ብምኽንያት ሕማም ዕማሙ ብኣግባቡ ከሳልጥ ኣይኽእልን ኢሉ እንትውስንን፣

ሐ/ ውሳነ እቲ ጉባኤ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ወይ ብኣብያተ ምኽሪ ክልላት ብልዕሊ ፍርቂ ድምፂ እንትፀድቕ::

5. ናይ ዝኾነ ዳይና ጡረታ መውፅኢ ግዜ ኣይናዋሕን::

6. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ንኣካል ዳይነት መንግስቲ ፌዴራል ዘማሓድረሉ በጀት ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪቡ የወስን፤ እንትፍቀድ ነቲ በጀት የማሓድር::

7. በጀት ኣካላት ዳይነት ክልላት በብኣብያተ ምኽሪ ክልላት ይምደብ:: ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ንስልጣን ዳይነት ማእኸላይን ቀዳማይን ኣብያተ ፍርዲ ፌዴራል ደሪቦም ንዝሰርሑ ላዕለዋይ ኣብያተ

ፍርዲ ክልላትን ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ክልላትን ናይ በጀት መካሓሓሲ ይህብ፡፡

**ዓንቀፅ 80**

**ጣምራ ተልእኾን ስልጣንን**

**ኣብያተ ፍርዲ**

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ኣብ ዛዕባታት ፌዴራል ላዕለዋይን ናይ መወዳእታን ስልጣን ዳይነት ይህልዎ፡፡
2. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ኣብ ዛዕባታት ክልል ላዕለዋይን ናይ መወዳእታን ስልጣን ዳይነት ይህልዎ፡፡ ብተወሳኺ ንስልጣን ዳይነት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ጠሚሩ ይፍፅም፡፡
3. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን ዝተጠቐሰ ከምዘለዎ ኮይኑ

ሀ/ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል መሰረታዊ ጉድለት ሕጊ ንዘለዎ ዝኾነ ናይ መወዳእታ ውሳነ ንምእራም

ብሰበር መጋባእያ ነቲ ዛዕባ ናይ ምርኣይ ስልጣን ይህልዎ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን፡፡

ለ/ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል መሰረታዊ ጉድለት ሕጊ ንዘለዎ ኣብ ዛዕባታት ክልል ዝተውሃበ ናይ መወዳእታ ውሳነ ንምእራም ብሰበር መጋባእያ ነቲ ዛዕባ ናይ ምርኣይ ስልጣን ይህልዎ፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውሰን፡፡

4. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ክልል ኣብ ዛዕባታት ክልል ካብ ዝህልዎ ስልጣን ብተወሳኺ ንስልጣን ቀዳማይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ጠሚሩ ይፍፅም፡፡

5. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንስልጣን ቀዳማይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ጠሚሩ ኣብ ዝህቦ ውሳኔ ዝቐርብ ይግባኣኒ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ይረአ፡፡

6. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ንስልጣን ዳይነት ፌዴራል ጠሚሩ ኣብ ዝህቦ ውሳኔ ዝቐርብ ይግባኣኒ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ይረአ፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 81

## ብዛዕባ ሽመት ዳያኑ

1. ፕሬዚዳንትን ምኽትል ፕሬዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ብቐዳማይ ሚኒስትር መንግስቲ ፌዴራል ተሓርዮም ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ይሽየሙ::
2. ሽመት ካልኦት ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ብዝምልከት ቀዳማይ ሚኒስትር ካብ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፌዴራል ንዝቐረቡሉ ሕፁያት ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪቡ የሸይም::
3. ፕሬዚዳንትን ምኽትል ፕሬዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ብርእሰ ምምሕዳር ክልል ተሓርዮም ብቤት ምኽሪ ክልል ይሽየሙ::
4. ሽመት ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልልን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ክልልን ብዝምልከት ብጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ክልል ተሓርዮም ብቤት ምኽሪ ክልል ይሽየሙ:: ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ክልል ንሽመት

www.abyssinialaw.com

ዳያኑ ናብ ቤት ምኽሪ ቅድሚ ምቕራቡ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፌዴራል ኣብቶም ሕፁያት ዘለዎ ርእይቶ ምሕታትን ንርእይቶኡ ምስ ናይ ባዕሉ ርእይቶ ኣተኣሳሲሩ ናብ ቤት ምኽሪ ክልል ናይ ምቕራብን ሓላፊነት ኣለዎ:: ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፌዴራል ርእይቶኡ ኣብ ውሽጢ ሰለሰተ ወርሒ እንተዘይኣቕሪቡ ቤት ምኽሪ ክልል ነቲ ሽመት የፅድቕ::

5. ዳያኑ ቀዳማይ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ብጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ክልል ተሓርዮም ብቤት ምኽሪ ክልል ይሽየሙ::

6. ኣብ ዝኾነ ደረጃ ናይ ዝርከቡ ዳያኑ ናይ ዲስፕሊንን ዝውውርን ዛዕባ ብዝምልከት ብጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ይውሰን::

www.abyssinialaw.com

# ዓንቀፅ 82

# ኣመሰራርታ ናይ ሕገ መንግስቲ

# መርማሪ ጉባኤ

1. ናይ ሕገ መንግስቲ መርማሪ ጉባኤ በዚ ሕገ መንግስቲ ተመሰሪቱ ኣሎ::
2. ናይ ሕገ መንግስቲ መርማሪ ጉባኤ ዓሰርተ ሓደ ኣባላት ይህልዉዎ:: ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም::

ሀ/ ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ኣካቢ፣

ለ/ ምኽትል ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ምኽትል ኣካቢ፣

ሐ/ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ተሓርዮም ብፕሬዚዳንት ሪፖብሊክ ዝሸየሙ ብሞያዊ ብቕዓቶምን ስነ ምግባሮምን ዝተመስከረሎም ሽዱሽተ ሰብ ሞያ ሕጊ፣

መ/ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ካብ ኣባላቱ ዝውክሉም ሰለስተ ሰባት፡፡

3. ናይ ሕገ መንግስቲ መርማሪ ጉባኤ ንኣሳልጦ ስራሕቱ ዝሕግዞ መሓውር ክዝርግሕ ይኽእል፡፡

## ዓንቀፅ 83

## ብዛዕባ ምትርጓም ሕገ መንግስቲ

1. ሕገ መንግስታዊ ውጥጥ እንተጋጥም ብቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን መፅለቢ ይረክብ፡፡
2. ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ናይ ሕገ መንግስቲ መርማሪ ጉባኤ ኣብ ዘቕርበሉ ሕገ መንግስታዊ ዛዕባታት ዘትዩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ውሳነ ይህብ፡፡

## ዓንቀፅ 84

## ስልጣንን ተግባርን ናይ ሕገ መንግስቲ መርማሪ ጉባኤ

1. ናይ ሕገ መንግስቲ መርማሪ ጉባኤ ንሕገ መንግስታዊ ዛዕባታት ናይ ምፅራይ ስልጣን ይህልዎ፡፡ ኣብ ዘካይዶ ምርመራ ንሕገ መንግስቲ

ምትርጓም ኣድላዩ ኮይኑ እንተረኺብዎ ንቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ናይ ውሳነ ሓሳብ የቕርብ፡፡

2. ብመንግስቲ ፌዴራል ኮነ ብናይ ክልል ሓንፀፅቲ ሕጊ ዝቐረፁ ሕግታት ምስ'ዚ ሕገ መንግስቲ ዝፃባኡ እዮም ዝብል ሕቶ እንትለዓልን ብዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ በዓል ጉዳይ እንትቐርበሉን መርሚሩ ንናይ መወዳእታ ውሳነ ንቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን የቕርብ፡፡

3. ብኣብያተ ፍርዲ ትርጉም ሕገ መንግስቲ ዝምልከት ሕቶ እንትቐርብ

   ሀ/ ንሕገ መንግስቲ ምትርጓም ዘየድልይ ኮይኑ እንትረኽቦ ነቲ ዛዕባ ናብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ይመልሶ፤ ብውሳነ እቲ መርማሪ ጉባኤ ቅሬታ ዘለዎ በዓል ጉዳይ ቅሬትኡ ናብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ብመልክዕ ይግባኣኒ ከቕርብ ይኽእል፡፡

www.abyssinialaw.com

ለ/ ናይ ትርጉም ሕቶ ከምዘለዎ ዝኣመነሉ እንተኾይኑ ኣብቲ ዛዕባ ዝህቦ ሕገ መንግስታዊ ትርጉም ነፂሩ ንናይ መወዳእታ ውሳነ ናብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን የቕርብ፡፡

4. ዝምርሒሉ ስነ ስርዓት ኣርቀቑ ንቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን የቕርብ፣ እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር፡፡

## ምዕራፍ ዓሰርተ

## መትከላትን ዕላማታትን ሃገራዊ ፖሊሲ

### ዓንቀፅ 85

### ዕላማታት

1. ዝኾነ መንግስታዊ ኣካል ነዚ ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ፖሊሲታትን ኣብ ስራሕ እንትትግብር ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ ዝሰፈሩ መትከላትን ዕላማታትን ክምስረት ይግባእ፡፡
2. ኣብዚ ምዕራፍ «መንግስቲ» ማለት ከከም ኩነታቱ መንግስቲ ፌዴራል ወይ ምምሕዳር ክልላት ማለት ይኸውን፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 86

## መትከላት ዝምድናታት ወፃኢ

1. ረብሓታት ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝሕሉን ሉኣላውነት እዛ ሃገር ዘኽብርን ፖሊሲ ዝምድናታት ወፃኢ ምኽታል::
2. ሉኣላውነትን ማዕርነትን መንግስታት ምኽባር፣ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ኢድ ዘይምእታው::
3. ፖሊሲ ዝምድናታት ወፃኢ እዛ ሃገር፣ ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ማዕርነትን ዝተመስረተ ምዃኑ ከምኡ'ውን ብደረጃ ዓለም ለኸ ዝግበሩ ስምምዓት ረብሓ ኢትዮጵያ ዘኽብሩ ምዃኖም ምርግጋፅ::
4. ሉኣላውነት ኢትዮጵያ ዘኽብሩን ንረብሓታት ህዝባ ዘይፃረሩን ዓለም ለኸ ሕግታትን ስምምዓትን ምኽባር::
5. ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካን በብግዚኡ እናማዕበለ ዝኸይድ ቁጠባዊ ምሕዝነትን ናይ ህዝብታት ሕውነትን ምጉልባት::

www.abyssinialaw.com

6. ኣብ መንጐ ሃገራት ዝፍጠሩ ግርጭታት ብሰላማዊ መንገዲ ክፍትሑ ፃዕሪ ምግባር፡፡

## ዓንቀፅ 87

## መትከላት ምክልኻል

1. ሰራዊት ምክልኻል እዛ ሃገር ንሚዛናዊ ተዋፅኦ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘማልአ ይኸውን፡፡
2. ሚኒስትር ምክልኻል ኮይኑ ዝሸየም ሲቪል ይኸውን፡፡
3. ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ንሉኣላውነት ሃገር ኣብ ናይ ምሕላው ተልእኾኡ ብተወሳኺ ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስቲ ኣብ ግዜ ኣዋጅ እቶ እቶ ዝወርዱሉ መደባት ይፍፅም፡፡
4. ሰራዊት ምክልኻል ኣብ ዝኾነ ግዜ ንሕገ መንግስቲ ምእዙዝ ይኸውን፡፡
5. ሰራዊት ምክልኻል ካብ ውግንና ፖለቲካዊ ውድባት ናፃ ኮይኑ መደባቱ የሳልጥ፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 88

## ፖለቲካዊ ተንከፍ ዕላማታት

1. መንግስቲ ኣብ ዴሞክራሲያዊ መትከላት ተመስሪቱ፣ ህዝቢ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዓርሱ ንዓርሱ ዘማሓድረሉ ኩነታት ከመዓራሪ ይግባእ፡፡
2. መንግስቲ ንመንነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ናይ ምኽባርን ኣብ'ዚ ተመስሪቱ ኣብ መንጐኦም ማዕርነት፣ ሓድነትን ሕውነትን ናይ ምጥንኻርን ግዴታ ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 89

## ቁጠባ ተንከፍ ዕላማታት

1. መንግስቲ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ናይዛ ሃገር ውህሉል ፍልጠትን ሃብትን ተጠቀምቲ ዝኾኑሉ መንገዲ ናይ ምትላም ሓላፍነት ኣለዎ፡፡
2. መንግስቲ ኩነታት ቁጠባ ኢትዮጵያውያን ንምምሕያሽ፣ ማዕረ ዕድል ክህልዎም ንምግባርን

www.abyssinialaw.com

ፍትሓዊ መቐሎ ሃብቲ ክህሉ ኩነታት ናይ ምምዕርራይን ግዴታ ኣለዎ፡፡

3. ተፈጥሮኣውን ስራሕ ሰብን ሓደጋታት ከይወርድ ምክልኻልን ሓደጋ ምስበፅሐ ድማ ረድኤት ብእዋኑ ክበፅሕ ምግባር፡፡

4. ብልምዓት ድሕሪት ንዝተረፉ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መንግስቲ ፍሉይ ደገፍ ይገብር፡፡

5. መንግስቲ ንመሬትን ሃብቲ ተፈጥሮን ብስም ህዝቢ ወኒኑ ኣብ ሓበራዊ ረብሓን ምዕባለን ህዝቢ ክውዕል ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

6. ፖሊሲታትን መደባትን ልምዓት ሃገር ኣብ ዝሰናድኡሉ ወቕቲ መንግስቲ ንህዝቢ በብደረጃኡ ከሳትፍ ኣለዎ፡፡ ንልምዓታዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ'ውን ክድግፍ ኣለዎ፡፡

7. መንግስቲ ኣብ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ቁጠባን ማሕበራዊ ልምዓትን፣ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ

www.abyssinialaw.com

ብማዕርነት ዝሳተፉሉ ኩነታት ናይ ምምዕርራይ ሓላፍነት ኣለዎ::

8. መንግስቲ ጥዕና፣ ድሕነትን ዝሐሸ ደረጃ ናብራን ሰራሕተኛ ንምሕላው ክፅዕር ኣለዎ::

## ዓንቀፅ 90

## ማሕበራዊ ተንከፍ ዕላማታት

1. ክንዲ ዓቕሚ ሃገር ዘፍቅዶ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ትምህርቲ፣ ግልጋሎት ጥዕና፣ ፅሩይ ማይ፣ መንበሪ ገዛ፣ ምግብን ማሕበራዊ ውሕስነትን ክህልዎ ይግበር::
2. ትምህርቲ ብዝኾነ ይኹን ኣግባብ ካብ ሃይማኖት፣ ካብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ካብ ባህላዊ ተፅእኖታትን ናፃ ኮይኑ ክካየድ ኣለዎ::

## ዓንቀፅ 91

## ባህሊ ተንከፍ ዕላማታት

1. መንግስቲ ንመሰረታዊ መሰላትን ሰብኣዊ ክብርን፣ ንዴሞክራሲን ነዚ ሕገ መንግስትን ዘይፃብኡ

www.abyssinialaw.com

ባህልታትን ልማዳትን ብማዕርነት ክምዕብሉን ክዓብዩን ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

2. ሓለዋ ሃገር፣ ሃብቲ ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ግዴታ መንግስትን ኩሉ ኢትዮጵያውን'ዩ፡፡
3. መንግስቲ ክንዲ ዓቕሚ ዘፍቅዶ ንስነ ጥበብ፣ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ናይ ምስፍሕፋሕ ግዴታ ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 92

## ዕላማታት ሓለዋ ድሕነት ከባቢ

1. መንግስቲ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ፅሩይን ጥዕናውን ከባቢ ክህልዎ ናይ ምፅዓር ግዴታ ኣለዎ፡፡
2. ዝኾነ ንጥፈት ቁጠባዊ ልምዓት ንድሕነት ከባቢ ኣብ ሓደጋ ዘየውድቕ ክኸውን ኣለዎ፡፡
3. ድሕነት ከባቢ ህዝቢ ዝምልከት ፖሊሲን ፕሮግራምን ኣብ ዝቕረፀሉን ኣብ ዝትግበረሉን ግዜ ኩሉ ዝምልከቶ ህዝቢ ሓሳቡ ዝገልፀሉ ኩነታት ምፍጣር ይግባእ፡፡

www.abyssinialaw.com

4. መንግስትን ዜጋታትን ንከባቢኦም ናይ ምክንኻን ግዴታ ኣለዎም፡፡

## ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ

## ፍሉያት ሕጋገታት

### ዓንቀፅ 93

1. ሀ/ ናይ ወፃኢ ወራር እንተጋጥም ወይ ንሕገ መንግስታዊ ስርዓት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ኩነታት እንትፍጠርን በቲ ስሩዕ ሕጊ ናይ ምኽባር ስርዓት ንምምካት ዘይከኣል እንተኾይኑ፣ ዝኾነ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ እንተጋጥም ወይ ንጥዕና ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘወድቕ ሕማም እንትላበድ፣ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ፌዴራል ኣዋጅ እቶ እቶ ናይ ምሕጋግ ስልጣን ኣለዎ፡፡

   ለ/ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ እንተጋጥም ወይ ንድሕነት ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ሕማም እንትላበድ ምምሕዳራት ክልል ኣብ ናይ ባዕሎም ክልል

www.abyssinialaw.com

ኣዋጅ እቶ እቶ ክእውጁ ይኽእሉ:: እቲ ዝርዝር ክልላት ኣብ ዝቖርፅዎም ሕገ መንግስታት ይውሰን::

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ) ዝእወጅ ኣዋጅ እቶ እቶ:-

ሀ/ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ስራሕ እናሃለወ ዝተኣወጀ እንተኾይኑ ምስተኣወጀ ኣብ ውሽጢ ኣርብዓን ሸሞንተን ሰዓታት ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክቐርብ ኣለዎ:: እቲ ኣዋጅ ክልተ ሲሶ ድምፂ ኣባላት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ እንተዘይረኺቡ ሽዑ ይሳዓር::

ለ/ እቲ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (ሀ) ዝሰፈረ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ስራሕ ኣብ ዘይኮነሉ ግዜ ዝእወጅ ኣዋጅ እቶ እቶ ምስተኣወጀ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክቐርብ ኣለዎ::

www.abyssinialaw.com

3. እቲ ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ዝተሓገገ፣ ኣዋጅ እቶ እቶ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ተቐባልነት ምስረኸበ ክሳብ ሸዱሽተ ወርሒ ጥራሕ'ዩ ክፀንሕ ዝኽእል። ቤት ምኽሩ ተወከልቲ ህዝቢ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ ደገፍ ነቲ ኣዋጅ እቶ እቶ በብኣርባዕተ ወርሒ ብተደጋጋሚ ክሕድሶ ይኽእል።

4. ሀ/ ኣዋጅ እቶ እቶ ኣብ ዝእወጀሉ ወቕቲ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ብዝሕንፀፆም ስሪታት ኣቢሉ ሰላምን ህልውናን ሃገር፣ ድሕነት ህዝቢ ከምኡ'ውን ሕግን ስርዓትን ክኽበር ናይ ምግባር ስልጣን ይህልዎ።

ለ/ ስልጣን ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ነቲ ኣዋጅ እቶ እቶ ንምእዋጅ ጠንቂ ዝኾነ ጉዳይ ንምውጋድ ብዘኽእል ደረጃ ነቶም በዚ ሕገ መንግስቲ ዝተነፀሩ መሰረታዊ ፖለቲካውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ክሳብ ምእጋድ ክበፅሕ ዝኽእል'ዩ።

ሐ/ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ግዜ ኣዋጅ እቶ እቶ ዝቐርፆም ሕግታትን ዝወሰዶም ስጉምትን ብዝኾነ ይኹን ኣግባብ ነቶም በዚ ሕገ መንግስቲ ኣብ ዓንቀፅ 1፣18፣25 ኣብ 39 ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2 ዝሰፈሩ መሰላት ዝግድቡ ክኾኑ ኣይኽእሉን።

5. ኣብዛ ሃገር ኣዋጅ እቶ እቶ ኣብ ዝእወጀሉ ግዜ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ካብ ኣባላቱን ካብ ሰብ ሞያ ሕግን መሪፁ ዝምድቦም ሸውዓተ ኣባላት ዝሓዘ መርማሪ ቦርድ ኣፈፃፅማ ኣዋጅ እቶ እቶ የጣይሽ። እቲ ቦርድ እቲ ኣዋጅ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ እንትፀድቕ እዩ ዝጣየሽ።

6. መርማሪ ቦርድ ኣፈፃፅማ ኣዋጅ እቶ እቶ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ሓላፍነትን ኣለዉዎ።

ሀ/ በቲ ኣዋጀ እቶ እቶ ናይ ዝተኣሰሩ ውልቀ ሰባት ስም ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዕላዊ ምግባርን ዝተኣሰሩሉ ምኽንያት ምግላፅን፣

ለ/ ኣብ ግዜ ኣዋጅ እቶ እቶ ዝውሰዱ ስጉምቲ ብዝኾነ ይኹን መዐቀኒ ዘይሰብኣዊ ከይኾኑ ምቁፅፃርን ምክትታልን፣

ሐ/ እቲ ዝተወሰደ ዝኾነ ስጉሚ ዘይሰብኣዊ ምኳኑ እንትኣምነሉ እቲ ቀዳማይ ሚኒስትር ወይ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ነቲ ተግባር ክእርሙ ሓሳብ ምሃብ፣

መ/ ኣብ ግዜ ኣዋጅ እቶ እቶ ዘይሰብኣዊ ተግባር ዝፍፅሙ ኩሎም ናብ ፍርዲ ክቐርቡ ምግባር፣

ሰ/ እቲ ኣዋጅ እቶ እቶ ክቕፅል ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ሓሳብ እንትቐርብ ርእይቶኡ ነቲ ቤት ምኽሪ ምቕራብ።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 94

## ናይ ፋይናንስ ወፃኢ ብዝምልከት

1. መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን ብሕጊ ዝተነፀረሎም ሓላፍነትን ተግባራትን ንምስላጥ ዘድልዮም ወፃኢ በብበፅሒቶም ይሸፍኑ፤ ኮይኑ ግና ዝኾነ ክልል ብውክልና ንዝፍፅሞ ዕዮ ዘድልይ ወፃኢ ብዝምልከት ካልእ ስምምዕ ክሳብ ዘይሃለወ በቲ ውክልና ዝሃበ ኣካል ይሽፈን።

2. መንግስቲ ፌዴራል ንዝተመጣጠነ ዕብየት ክልላት ክሳብ ዘየዐንቀፈ ንህፁፅ ረድኤት፣ ንመትከሊ እግሪን ንመስፋሕፍሒ ልምዓትን ዝኸውን ልቓሕ ወይ ረድኤት ንክልላት ክህብ ይኽእል። መንግስቲ ፌዴራል፣ ክልላት ንዘድልዮም ወፃኢ ዝህቦ ድጎማ ኣመልኪቱ ኦዲትን ቁፅፅርን ናይ ምግባር ስልጣን ይህልዎ።

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 95

## ኣታዊ ፋይናንስ ብዝምልከት

መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን ነቲ ዝቐረፅ ፌዴራላዊ ኣወዳድባ መሰረት ዝገበረ ምቕቓል ኣታዊ ይገብሩ::

## ዓንቀፅ 96

## ስልጣን ታክስን ግብርን

## መንግስቲ ፌዴራል

1. መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ወፃእን ኣታውን ኣቁሑ ቀረፅ ጉምሩኽ፣ ታክስን ካልኦት ክፍሊታትን ይተክል፣ ይእክብ::
2. ኣብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ፌዴራልን ዓለምለኸ ትካላትን ግብሪ ስራሕ ይተክል፣ ይእክብ::
3. ኣብ ትሕቲ ዋንነት መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ዝኾኑ ትካላት ልምዓት ግብሪ መኽሰብ ንግዲ፣ ግብሪ ስራሕ፣ ታክስ ሽያጥን ኤክሳይዝን ይተክል፣ ይእክብ::

www.abyssinialaw.com

4. ኣብ ሃገራዊ ሎተሪን ካልኦት ናይ ዕድል ኣታውታትን ታክስ ይተክል፣ ይእክብ።
5. ኣብ ኣታውታት መጓዓዝያ፣ ኣየር፣ ባቡርን ባሕርን ታክስ ይተክል፣ ይእክብ።
6. ኣብ ትሕቲ ዋንነት መንግስቲ ፌዴራል ካብ ዝርከቡ ኣባይትን ካልኦት ንብረታትን ኣብ ኣታዊኦም ግብሪ ይተክል፣ ይእክብ፣ ክራይ ይውስን።
7. ኣካላት መንግስቲ ፌዴራል ካብ ዝህብዎም ፍቓዳትን ግልጋሎትን ዝፍልፍሉ ክፍሊታት ይውስን፣ ይእክብ።
8. ኣብ መሸጣ ቴምብር ፌዴራል ቀረፅ ይተክል፣ ይእክብ።

## ዓንቀፅ 97
## ስልጣን ታክስን ግብርን ምምሕዳራት ክልል

1. ክልላት ኣብ ሰራሕተኛታት ምምሕዳርን ትካላትን ክልል ግብሪ ስራሕ ይተኽሉ፣ ይእክቡ።

www.abyssinialaw.com

2. ክፍሊት ኣጠቓቕማ መሬት ይውስኑ ይእክቡ፡፡
3. ብውልቀ ኣብ ዝሓርሱን ብተራድኦ ኣብ ዝተወደቡን ሓረስቶት ግብሪ ኣታዊ ሕርሻ ይተኽሉ፣ ይእክቡ፡፡
4. ኣብ ክልሎም ኣብ ዝርከቡ ነጋዶ ግብሪ መኽሰብ ንግድን ታክስ ሽያጥን ይተኽሉ፣ ይእክቡ፡፡
5. ኣብ ክልሎም ካብ ዝሳለጥ መጓዓዝያ ማይ ግብሪ ይተኽሉ ይእክቡ፡፡
6. ኣብ ክልሎም ኣብ ዝርከቡን ብውልቀ ኣብ ዝውነኑን ገዛውትን ካልኦት ንብረታትን ግብሪ ኣታዊ ይተኽሉ፣ ይእክቡ፣ ከምኡ'ውን ባዕልቶም ካብ ዝውንንዎም ገዛውትን ካልኦት ንብረታትን ክራይ የኽፍሉ፡፡
7. ኣብ ትሕቲ ዋንነት ምምሕዳር ክልል ካብ ዝርከቡ ትካላት ልምዓት ግብሪ መኽሰብ ንግዲ፣ ግብሪ ስራሕን ታክስ ሽያጥን ኤክሳይስን ይተኽሉ፣ ይእክቡ፡፡

www.abyssinialaw.com

8. ኣብ ዓንቀፅ 98 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ስራሕቲ ማእድን ግብሪ ኣታዊ ክፍሊታት ሮያሊትን ክራይ መሬትን ይተኸሉ፣ ይእክቡ፡፡
9. ብኣካላት ምምሕዳር ክልል ካብ ዝወሃቡ ፍቓዳትን ግልጋሎታትን ዝፍልፍሉ ክፍሊታት ይውስኑ፣ ይእክቡ፡፡
10. ካብ ኣግራብ ዝርከብ ክፍሊት ሮያሊቲ ይውስኑ፣ ይእክቡ፡፡

## ዓንቀፅ 98

## ሓበራዊ ስልጣን ታክስን ግብርን

1. መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን ብሓባር ኣብ ዝምስርትዎም ትካላት ልምዓት ግብሪ መኽሰብ ንግዲ፣ ግብሪ ስራሕ፣ ናይ ሽያጥን ኤክሳይስን ታክስ ብሓባር ይተኽሉ፣ ይእክቡ፡፡
2. ኣብ መኽሰብ ንግዲ ትካላትን ኣብ መኽሰብ ብፅሒት ሰብ ኣክሲዮንን ግብሪ ሽያጥን ታክስን ብሓባር ይተኽሉ፣ ይእክቡ፡፡

www.abyssinialaw.com

3. ኣብ ዝለዓሉ ስራሕቲ ማእድንን ኣብ ዝኾነ ስራሕቲ ፔትሮሊየምን ጋዝን ግብሪ ኣታውን ክፍሊታት ሮያሊትን ብሓባር ይተኸሉ፣ ይእክቡ።

## ዓንቀፅ 99

## ተፈልዮም ብዛዕባ ዘይተውሃቡ ስልጣናት ታክስን ግብርን

በዚ ሕጊ መንግስቲ ተፈልዮም ዘይተውሃቡ ታክስን ግብርን ናይ ምትካል ስልጣናት ብዝምልከት ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ብሓባር ብኽልተ ሲሶ ድምፂ ይውስኑ።

## ዓንቀፅ 100

## መትከላት ኣተኻኽላ ታክስን ግብርን

1. ክልላትን መንግስቲ ፌዴራልን ታክስን ግብርን ኣብ ዝተኽሉሉ ግዜ እቲ ዝሕተት ታክስን ግብርን ምስ'ቲ ፍልፍል ዝተኣሳሰረን ብዝግባእ ተፀኒዑ ዝተወሰነን ምዃኑ ከረጋግፁ ኣለዎም።

2. ኣብ መንጐኦም ንዝህሉ ሰናይ ዝምድና ዘየሐርፍፍን ምስ'ቲ ዝቐርብ ግልጋሎት ተመጣጣኒ ምኽኑን ከረጋግፁ ኣለዎም፡፡

3. ንመኽሰብ ዝሰርሕ ትካል እንድሕር ዘይኮይኑ ክልላት ካብ ንብረት መንግስቲ ፌዴራል፣ መንግስቲ ፌዴራል'ውን ካብ ንብረት ክልላት ግብሪ ወይ ቀረፅ ከኽፍሉ ስልጣን ኣይህልዎምን፡፡

## ዓንቀፅ 101

## ዋና ኦዲተር

1. ዋና ኦዲተር ብቐዳማይ ሚኒስትር ተሓርዩ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ይሸየም፡፡

2. ዋና ኦዲተር ንሒሳብ ሚኒስቴራት ፌዴራልን ካልኦት ኣብያተ ፅሕፈትን ብምቁፅፃር እቲ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝተሰልዐ ዓመታዊ በጀት፣ ኣብ'ቲ ናይ በጀት ዓመት ኣብ ዝተፈፀሙ ስራሕቲ ብኣግባቡ ምውዓሉ መርሚሩ ነቲ ቤት ምኽሪ ፀብፃብ የቕርብ፡፡

www.abyssinialaw.com

3. ዋና ኦዲተር በጀት ቤት ዕዮኡ ብቐጥታ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪቡ ክፀድቕ ይገብር፡፡
4. ዝርዝር ተግባር ዋና ኦዲተር ብሕጊ ይውሰን፡፡

## ዓንቀፅ 102

## ቦርድ መረፃ

1. ኣብ ክልላት መረፃ ፌዴራልን ክልልን ናፃን ሚዛናውን መረፃ ዘይሻራዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምእንታን ክካየድ ካብ ዝኾነ ተፅእኖ ናፃ ዝኾነ ሃገራዊ ቦርድ መረፃ ይምስረት፡፡
2. ኣባላት እቲ ቦርድ ብቐዳማይ ሚኒስትር ተሓርዮም ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ይሸየሙ፡፡ እቲ ዝርዝር ብሕጊ ይውስን፡፡

## ዓንቀፅ 103

## ኮሚሽን ቆፀራ ህዝቢ

1. ንቑፀሪ ህዝቢ በብግዚኡ ዘፅንዕን ቆፀራ ዘካይድን ኮሚሽን ቆፀራ ህዝቢ ይምስረት፡፡

2. ኣባላት እቲ ኮሚሽን ብቐዳማይ ሚኒስትር ተሓርዮም ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ይሽየሙ፡፡
3. እቲ ኮሚሽን ዋና ፀሓፊ፣ ዘድልዮ ሰብ ሞያን ደገፍ ዝህቡ ሰራሕተኛታትን ይህልዉዎ፡፡
4. ዓመታዊ በጀት እቲ ኮሚሽን ብቐጥታ ናብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ቀሪቡ ክፀድቕ ይግበር፡፡
5. ቆፀራ ህዝቢ በብዓሰርተ ዓመት ይካየድ፡፡ ነቲ ውፅኢት ስዒቡ ብቦርድ መረፃ ብመሰረት ዝቐርብ ረቂቕ ኣካላልላ መረፃ ክልላት፣ እቲ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ይውስን፡፡
6. ተፀዋዕነት እቲ ኮሚሽን ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ'ዩ፡፡ ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ዕዮኡ በብግዚኡ ንቤት ምኽሪ ፀብፃብ የቕርብ፡፡

www.abyssinialaw.com

## ዓንቀፅ 104

## ናይ ሕገ መንግስቲ መማሓየሺ ሓሳብ

## ብዛዕባ ምቕራብ

ሓደ ናይ ሕገ መንግስቲ መማሓየሺ ሓሳብ፣ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ እንተደጊፍዎ፣ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ብኽልተ ሲሶ ድምፂ እንተደጊፍዎ ወይ ድማ ካብ ኣባል ክልላት ፌዴሬሽን ሓደ ሲሶ እንተደጊፎምዎ ንህዝብን ምምሕያሽ እቲ ሕገ መንግስቲ ንዝምልከቶም ክፍልታትን ንምይይጥን ንውሳነን ይቐርብ።

## ዓንቀፅ 105

## ብዛዕባ ምምሕያሽ ሕገ መንግስቲ

1. ኣብ'ዚ ሕገ መንግስቲ ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ዝተዘርዘሩ መሰላትን ናፅነታትን ኩሎም፣ እዚ ዓንቀፅ ከምኡ'ውን ዓንቀፅ 104 ክመሓየሹ ዝኽእሉ በዚ ዝስዕብ ኣግባብ ጥራሕ ይኸውን።

ሀ/ ኩሎም ኣብያተ ምኽሪ ክልላት ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ብድምፂ ብልጫ እንተፅድቕዎ፡፡

ለ/ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ መንግስቲ ፌዴራል ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ እንትፅድቖን

ሐ/ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ነቲ መማሓየሺ ሓሳብ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ እንተፅድቖን'ዩ፡፡

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተዘርዘሩ ሕጋገታት ሕገ መንግስቲ ወፃኢ ዘለዉ ክማሓየሹ ዝኽእሉ በዚ ዝስዕብ ኣግባብ ጥራሕ ይኸውን፡፡

ሀ/ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ብሓባራዊ ዋዕላ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ እንተፅድቕዎን፡፡

ለ/ ኣባል እቲ ፌዴሬሽን ካብ ዝኾኑ ክልላት ኣብያተ ምኽሪ እቶም ክልተ ሲሶ ኣብያተ ምኽሪ

www.abyssinialaw.com

ክልላት ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ብድምፂ ብልጫ እንተፅድቕዎን'ዩ።

## ዓንቀፅ 106

## ናይ መወዳእታ ሕጋዊ ኣፍልጦ

## ብዛዕባ ዘለዎ ቅዳሕ

ናይ'ዚ ሕገ መንግስቲ ናይ ኣምሓርኛ ቅዳሕ ናይ መወዳእታ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ሰነድ'ዩ።